## *ፍትሒ ኣብ ዓዲ መለኸቲ፡ "ባዕሉ ከሳሲ፣ ምጓቲን ፈራዲን ዝኾነን፡ ንባዕሉ'ውን ከምሕጊ ገይሩ ዝቖጽር መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር"*

**እቲ ተጎሊሉ ዝኸደ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር፡ ኣብ ትሕቲ *"ፈጻሚ ሽማግለ ሰዲህኤ ኣኼባኡ ኣኪይዱ"* ዝብል ኣርእስቲ፡ *"---በዚ መሰረት ኣብዚ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣብ ልዕሊ ሕጋውነትን ቅዋማዊ ኣሰራርሓን ሰዲህኤ ክስንዘሩ ዝጸንሑ ፈተነታት መሰረት ዘየብሎምን ዘይሓላፍነታውያን ምንባሮም ኣመዝጊቡ።"* ዝብል ደምዳሚ መግለጽ ኣስፊሩ ይርከብ። እዚ ፍጽም ካብ ሓቂ ዝረሓቀ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብግላባጡ እቲ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ኢዩ ዘይላፍነታዊ፣ ዘይሕጋውን ዘይቅዋማውን ውሳኔታት ክውስንን ከተግብርን ዝጸንሐ። ኣብ መጨረሻ ካኣ ንጸዊዒታት ሰላምን ስኒትን ልዝብን ናይ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካላት ሰልፊ ጸማም እዝኒ ብማሃብ ዝሓዘ ሒዙ ተጎሊሉ ከይዱ። ሕጂ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር "ጣዕሳ ጥሩጥ" ኢዩ ዝቑዝም ዘሎ።**

**እንተዘይኮነ፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 2 ዓመታት ጥራሕ፡ መሪሕነት ሰዲህኤ ነበር ዝጋሃሶም ሕግታት ሰልፍን፡ ዝጥሓሶም ዓንቅጽ ሰልፍን ብዛሓት ኢዮም። መታን ኣንብርብትን ኩሎም ጉዱሳት ኤርትራውያንን ነቲ ሓቅታት ክፈልጥዎ፡ ነቶም ዝጠጣሕሱ ዓንቅጽ ቅዋም ሰልፍን ዝተጋህሱ ሕግታት ሰልፍን፣ ኣብ ከመይ ኩነታት ከምዝተጣሕሱን ከምዝተጋህሱን፣ ኣብ ሰልፍን ኣብ ኣባላቱን ዘውረድዎ ሳዕቤናት፣ መሰረታትን ታሕተዎት ኣካልት ሰልፍን እንታይ ከዝገበሩን፡ ብመሪሕነት ሰዲህኤ በር ዝተገብረ ግብረ መልስን ዝሓዘ ጽሑፋት ካብዚ ቀጺልና ነቕርበልኩም። መታን ምኽትታሉ ከጥዕመኩም፡ ኣብ ሓደ ዶክመንት ገርናዮ ኣለና። እቶም ዝተጣሕሱ ዓናቅጽ ደሚቖም ትጻሒፎም ኣለዉ። ፋይንድ((Ctrl+F ብምጽቃጥ)(find function)) ኢልኩምውን ብቐሊሉ ኣብቲ ዶኩመንት ክትረኽብዎም ትኽሉ ኢኹም። ሰናይ ምኽትታል ይግበረልኩም።**

## *ሕጂ'ውን ንሰልፋዊ ሓድነት ንጽዓት*

*ቀዳማይ ክፋል*

### *መእተዊ - "ዘለዎ ዝሃበስ በቓቕ ነይባሃል"*

ሕጂ ንኹላትና ብሩህ ኮይኑ ስለዘሎ፡ ብዛዕባ ህልው ኩነታት ውሽጣዊ ሓድነት ሰልፍና ክምድር ኣይደልን። ውሽጣዊ ሓድነት ሰልፍና ኣብ ኣስጋኢ ኩነታት ከምዘሎ ኩላትና ንሰማማዓሉ ሓቂ ኢዩ ኢለ ጥራሕ ክሓልፎ። እቲ ዓንደ-ሕቖን ቖንዲ መለለዪ ሕላገት ሓድነት ሰ.ዲ.ህ.ኤ. እቲ ናይ ክልተ ድሕረ-ባይታ ዝነበሮም ሓይልታት (ህ.ግ.ን ተ.ሓ.ኤ.ን) ዝገበርዎ ሓድነታዊ ኪዳን ኢዩ። መስርሕ ሓድነት ጉዕዞ እምበር ናይ ሓደ ጊዜ ወይ ናይ ሓደ ህሞት ፍጻሜ ስለዘይኮነ፡ መስርሕ ሓድነት ሰልፍና ብቐጻሊ ክኹስኮስን ሕድህዳዊ ምትእምማን ክምገብን ይግቦኦ። ሓድነት ሰልፍና ዓኹኹን ደልዲሉን፡ ናይ ዝሓለፈ ብሰንኪ ጉድለት ሓድነት ንዝተፈጸሙ ገይጋታት ዝእረምሉ ባይታ ዘንጽፍን፡ ንሕጂን ንመጻእን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሓድነት ንምርግጋጽ ኣብ ዝግበሩ ቃልስታት ከምመንጠሪ ዘንጊ ኮይኑ ከገልግል ዝኽእል ዝነበረ ኣገዳሲ እምነ-ኩርናዕ ታሪኽና ኢዩ። ነዚ ናይ ሓድነት ኪዳን ዘቖሙ ሓይልታት፡ ከም ተራ ሰባት ወይ'ውን ከም እኩባት ሰባት ወይ'ውን ከም ተራ ሰልፍታት ዝጥመቱ ዘይኮኑስ እንታይ ዳኣ ከም ናይ ህዝቢ ኤርትራ ተጻራሪ ናይ ሓርነታዊ ቃልሲ ታሪክን ድሕረ-ባይታን ዝውኩሉ ባእታት ኮይኖም፡ ነቲ ዝሓለፈ ናይ ምብትታንን ፋሕን ታሪኽ ዓጽዮም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንሓለፈ ናይ ቃልሲ ታሪኹ ብምቕርራብን መጻኢ ሓድነቱ ብምርግጋጽን፡ ኣብ ኤርትራ ፍጹም ነባሪ ሓድነት፣ ፍትሒ፣ ልዕልና ሕጊ፣ ዲሞክራሲ፣ ሰላምን ዕብየትን ንኽረጋገጽ ንኽጽዕቱ ኪዳን ዝኣተዉ ኢዮም ነይሮም። ንኣብነት፡ ሓው መስፍን ሓጎስ እንተወሰድና መስፍን ሓጎስ ከም ሰብ ኣይኮነን ንነብሱ ዝውኽል፡ እንታይ ዳኣ ታሪክ፣ መንነት፣ ጽንዓት፣መስዋእትነት፣ ልዑላውነት፣ ሃገራውነትን ዓወትን ዝሓዘ ድሕረ-ባይታ ናይቲ ሓደ ሸነኽ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ፡ እቲ ካላኣይ ሸነኽ ካኣ ከምኡ። ስለዝኾነ፡ ***ሓድነት ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ካብ ዝኮነ ኣባል (ተራ ይኹን መራሒ) ወይ'ውን ትካላት ሰልፊ (ማእከላይ ባይቶ ይኹን ፈጻሚ ሽማግለ፡ ወ.ዘ.ተ.) ንላዕሊ ኢዩ***። ሓድነት ሰልፊ ብነዚ ሓቂ እዚ ዘንጸባርቕ ኣታሓሕዛ ክትሓዝን ብውርዙይን ብሱሉን ኣተኣላልያ ክእለን ይግባእ ነይሩ። ህዝቢ ኤርትራ ትጽቢት ዝገበረሉ ናይ ሓድነት ፈተነ(test case) ምንባሩ'ውን ክርሳዕ የብሉን።

ኣብዘን ዝሓለፋ 5+ ዓመታት፡ ሓድነት ሰልፍና ሓይሉ መልእኽቲ ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ናብ ህዝቢ ኤርትራ ንኽሰርጽ ዝተገብሩ ጻዕርታትን ዝተኸፍሉ ዋጋታትን ቀለልቲ ኣይነበሩን። ኩሉ ኣባል ከከም ዓቕሙን ኩነታቱን ዝኸፈሎ ዋጋ ብቐሊል ከምዘይግመት ኢዩ ዝርዳኣኒ። ብወገነይ፡ ሓድነት ሰልፍና ዓኹኹን እግሪ ተኺሉን ንቕድሚት መታን ክምርሽ ብኹሉ ዓቕመይን ብሙሉእ ልበይን ጽዒተ፡ ዝኸፈልኩዎ ዋጋ'ውን ከቢድ ኢዩ። ድሕሪ እዚ ኩሉ፡ ሕጂ ንሓድነት ሰልፍና ዘዳኸምን ካብኡ ሓሊፉ'ውን ዝበታትንን ወስታት ክስንዘሩ (ካብ ላዕሊ ይኹን ካብ ታሕቲ) ከለዉ ስቕ ኢልካ ምዕዛብ ከም ንህዝቢ ኤርትራ ምጥላም ኮይኑ ይስማዓኒ። ሰልፋዊ ግዴታ/ግቡኣት ( ዓንቀጽ 4.4.9) ከምዘይምፍጻም ገይረ'ውን ይቖጽሮ። ከምኡ ስለዝኾነ ኢዩ ካኣ ከከምኩነታቱን ኣጋጣሚ ኣብዝተረኽበሉን፡ ንሓድነት ሰልፊ ንምክልኻል ዝዓለመ ርኢቶታተይ ንኣባላት ዘካፍል። ናይ ሎሚ'ውን ካብዚ ዝተፈልየ ኣይኮነን። እስከ ኣብቲ ንሓው መስፍን ሓጎስ ንምውንዛፍ ዝተገብረ መስርሕ፣ ዝተወሰደ ውሳኔ፣ ናይ ፓልቶክ መግለጺ ኣቦመንበር ሰልፊን ድሕሩ ዝተራእዩ ተርእዮታት ዘለኒ ትዕዝብታት ወስ ከብል፡ መሰለይ'ውን ስለዝኮነ (ዓንቀጽ 4.3.5)፡-

## ቕድሚ ናይ ምውንዛፍ ውሳኔ ዝነበረ መስርሕ - “ቆርበት ኣብ ምንታያ --”

እቲ ቀንዲ መፈላለዪ ፖሊቲካውን ናይ ሓሳባት ፍልልይ’ምበር ሕግን ሕጋውነትን ወይ’ውን ዲስፕሊንን ዲስፕልነትን ኣይነበረን። ኣብ ጉዳይና ደቂ ወስን ስለዘይኮና እቲ ሓቂ ካባና ዝተኸወል ኣይኮነን። ዋላ’ውን እቲ ሓው መስፍን ይቕርታ ክሓተሎም ኣለዎ ተባሂሎም ብማባ ዝቀረቡ ነጥብታት እንተራኣና፡ ነዚ ሓቂ እዚ ኢና ንግንዘብ። ናይ ሓሳባት ናጽነትን ርእቶካ ብናጻ ምግላጽን ብቅዋም ሰልፊ ***(ዓንቀጽ 3.8፡ ዓንቀጽ 4.3.5)*** ሕልው ኢዩ። ሓው መስፍን ሓጎስ’ውን እሱ ኢዩ ገይሩ። እዞም ናይ ፖሊቲካን ናይ ሓሳባት ፍልልያት ቕድሚ 2ይ ሰልፋዊ ጉባኤ ኣትሒዞም ዝቐላቐሉ ዝነበሩ ኢዮም። ኣብ መስርሕ ምድላውን ኣካያይዳ 2ይ ሰልፋዊ ጉባኤ ዝተፈጥሩ ዘይምርድዳኣት ነቶም ዝጸንሑ ፍልልያ ዝይዳ እንዳኣግፍሕዎም መጺኦም። ከምኡ ስለዝነበረ ኢዩ ካኣ፡ ነቲ ፍልልያት ንምድህሳስን ጠንቁ ንምፍላጥን ተባሂሉ፣ቕድሚ 2ይ ሰልፋዊ ጉባኤ ዝወጸትን ጉባኤ’ውን ንኽትቕጽል ዝፈቐደላ ኮሚቴ ተመዚዛ ዝነበረት። እታ ኮሚቴ ግን ስራሓ ከይሰርሐት ደስኪላ ተሪፋ።

ሓደ ካብቲ ቀንድ ጠንቅታት ናይዚ ሰልፍና ዘለዎ ሃለዋት፡ እዛ ኮሚቴ እዚኣ ስራሓ ብጉቡእ ክትሰርሕ ስለዘይተደልየ ወይ’ውን ስለዘይተገብረ ኢዩ። ኣብዚ ኢቲ ክሳዳዊ ሕቶ፡ ስለምንታዩ ፈጻሚ ሽማግለ ይኹን ማባ እዛ ኮሚቴ ስራሓ ክትሰርሕ ዘይደለየ ወይ’ውን ብግቡእ ተኸታቲሉ ከምትሰርሕ ዘይገበረ? ንኣብነት፡ ዳርጋ ድሕሪ ምቛማ ሓደ ዓመት ኣቢሉ፡ ብዛዕብ ኩነታታን ዝዓመመቶ ስርሓትን (እንትሃልዩ) ከብርሁ ኣብዝተሓትሉ ጊዜ፡ ኣባላት ፈሽ ዝሃብዎ መልሲ እንትረኣና ዳርጋ “***እንድዒ፡ ጸብጻብ ኣይቕረበትን***” ዝዓይነቱ ኢዩ ነይሩ። እዚ እንታይ ከምዘመልክት መግለጺ ዘድልዮ ኣይመስለንን። ግርጭታት ክሳብ ዝዓብዩን ቅርሕንትታት ክሳብ ዝኽሕኑን ምጽባይ ከ እንታ’ዩ ጣውቁኡ?

እዚ ኣብከምዚ እንዳሃለወ እታ ድሒራ ዝቖመትን ዝቐጸለትን፡ ሓው መስፍን ሓጎስ፡ ብመሰረት ***ዓንቀጽ 4.3.7*** ቅዋም ሰልፊ፡ ናይ ካብ ሓልፍነት ማእከላይ ባይቶ ንምውራድ ናይ ስንብታ ወረቐት ዝጸሓፎን ናይ ፈጻሚት ሽማግለ ግብረ-መልስን ምስዝተኣሳሰረ ጉድያት ተጻሪ ተብሂላ ዝተመዘት ኮሚቴ ኢያ። እዛ ኮሚቴ እዚኣ ነጻ ኣይነበረትን፣ መብዛሕቶም ኣባላታ ምስቲጉዳይ ምትእስሳር ዝነበሮምን ርኡይ ናይ ረብሓታት ምግጫው (conflict of interest) ዝነበሮም ኢዮም። ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ ኢሳይንሳዊ ጥራሕ ኢዩ ዘይኮነስ ኣብዝኮነ ትካል ከምኣሰራርሓ’ውን ቁቡል ኣይኮነን። ስለዚ፡ እቲ መስርሕ ምጽራይ ከይተበገሰ ከሎ ኢዩ ዘምቢዑ። ኣብከምዚ ኩነታት፡ ነጻን ርትዓውን ሚዛናውን መስርሕ ምጽራይ ክግበር ስለዘይካኣል፡ ካብ ከምዚ ዓይነት መስርሕ ምጽራይ ተበግስካ ዘይሻራውን ሚዛናውን ውሳኔ ክዋሃብ ኣይካኣልን። ከምቲ ኣቦው ዝብልዎ ***“ቆርበት ኣብ ምንታያ --- ዝዓይነቱ”*** ኢዩ ነገሩ።

## ናይ ምውንዛፍ ውሳኔ - “ንሓደ ወገን ሰሚዕካ ኣይትፍረድ”

እቲ ናይ ምውንዛፍ ውሳኔ፡ ሕጋውነትን ቅዋማውነት ዝጎደሎ ውሳነ ኢዩ ኢለ እየ ዝመዝኖ ***(ዓንቀጽ 3.8)***። ብውሕዱ እዞም ዝስዕቡ ምኽንያታት ካኣ ክጥቀሱ ይካኣሉ፡-

I. ካብ ሰልፊ ኣባልነት ምውንዛፍ ማለት እንታይ ማለት ኢዩ? ኣባልነቱ ዝተወንዘፈ ኣባልከ እንታይ ኢዩ ናይ ኣባልነት ግባኣቱን ናይ ኣባልነት መሰላቱን? ኣባልነት ኣብ ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ብመልክዕ መሰላትን ***(ዓንቀጽ 4.3)*** ግቡኣትን ***(ዓንቀጽ 4.4)*** ኢዩ ዝግለጽ።ናይ ዝተወንዘፈ ኣባል መሰልን ግቡኣትን ዝድንግግን ዝውስንን ዓንቀጽ ኣብ ቁዋም ሰልፍና የልቦን። ስለዝኮነ፡ ኣባልነት ካብ ሰልፊ ክውንዘፍ ይኹን ክድስክል ኣይካኣልን። ***ብዓንቀጽ 4.5*** መሰረት፡ ክስጎግ ጥራሕ ኢዩ ዝካኣል። ሓው መስፍን ግን ***ንዓንቀጽ 4.5*** ኣይጣሓሰን። ማባ’ውን፡ ዓንቀጽ ጠቂሱ፡ ሓው መስፍን ነዛ ዓንቀጽ እዚኣ ስለዝጣሓሰ ኢዩ ተወንዚፉ (ብግብሪ ተስጒጉ) ኢሉ ዝጠቐሶ የልቦን። ዝጣሓሶ ኣንቀጽ ስለዘየልቦ።

II. ሓው መስፍን ሓጎስ ሓላፍነቱ ካብ ማእከላይ ባይቶ(ማባ) ብገዛእ ፍቓዱ ስለዘውረደን፡ ማባ ካኣ ስለዘፍቐደሉን፡ ተራ ኣባል ሰልፊ ኢዩ ነይሩ። ብቁዋም ሰልፍና መሰረት ካኣ ዝኾነ ንውልቀ ኣባል ዝምልከ ጉዳይ በታ ዘለዋ/ዘላታ ጨንገር ኢዩ ዝውዳእ (***ብዓንቀጽ 5.2.1*** መስረት፡ጨንፈር መሰረታዊ ኣሃዱ ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ኢያ)። ብይግባኝ ጥራሕ ኢዩ ጉዳዩ/ያ ናብ ዞባ ወይ’ውን ካብኡ ንላዕሊ ዘሎ ጽፍሒ ዝሓልፍ። ናይ ሓው መስፍን ሓጎስ ጉዳይ ካኣ በቲ ዝነበሮ ጨንፈር ክትሓዝን ክእለን ነይሩዎን ይግቦኣን። ***ማባ ጉዳይ ሓው መስፍን ታሕቲ ወሪዱ ክርኢ ቁዋማውን ሕጋውን ኣይነበረን***። ከምኡ ስለዝተገብረ፡ ናይ ሓው መስፍን ናይ ይግባኝ ቁዋማዊ መሰል(***ዓንቀጽ 4.3.6***) ተገፊፉ ማለት ኢዩ። በቲ ዝግቦኦ ማለት ብጫንፈር እንተዝረአ፡ ናብ ንእስ ዞባ፣ ናብ ዞባ ወ.ዘ.ተ. ይግባኝ ናይ ምባል ቁዋማዊ መሰሉ ክጥቐም ምኻኣለ ነይሩ።

III. ***ብዓንቀጽ 4.3.6*** መሰረት፡ ዝኮነ ኣባል ንዕኡ ዝምልከት ክስታት ዘጠቓቕል ውሳኔ ኣብዝውሰደሉ እዋን ክስታቱ ክፈልጥን ንኽሱ ክከላኸልን መሰሉ ሕሉው ከንሱ፡ ሓው መስፍን ግን እዚ ዕድል እዚ ክረከብ ኣይካኣለን። ጉዳዩ ማባ ሰለዝራኣዮ፡ ሓው መስፍን ካኣ ኣባል ማባ ስለዘይኮነ፡ ኣብ ቅድሚ ማባ ቀሪቡ ንክስታቱ ክከላኸል ኣይክእልን ኢዩ ተባሂሉ ተኸልኪሉ። ***ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ ማባ፡ ቁዋም ሰልፊ ዝጣሃሰ ጥራሕ ዘይኮነስ መባእታዊ መሰል ኣባል ዝገፈፈን ዘይፍትሓዊ ኣገባብ ኢዩ’ውን ነይሩ።***

እቲ ውሳኔ ቅንዕና ዝጎዶሎ ውሳኔ ኢዩ’ውን ነይሩ። በቲ ሓደ ወገን፡ ሓው መስፍን ተወንዚፉ’ምበር ኣይተሰጉን ይብል ማባ። በቲ ካልእ ወገን፡ ኩሉ መስላቱ ተሓዲጉ (እተን ዝዋሃበኦ ዝነበራ ዘይጥቕማ ናይ መጓዓዝያን ናይ ተለፎን ሓገዝ/መቕንን ከይተረፉ)፡

ካብ ሕጂ ንዳሓር ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ዝሓተካ ጉብኣት/ግዴታት የልቦን፡ ንስኻ’ውን ካብ ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ትሓቶ መሰላት የልቦን ይባሃል። መጀመሪያ ነገር፡ ማባ በየናይ ዓንቀጽ ቁዋም ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ንሓው መስፍን መቕንኑ ከሕድጎ ከምዝወሰነ ዝጠቐሶ ነገር የልቦን። ኸጠቕስ’ውን ኣይክእልን፡ ኣብ ቁዋም ሰልፊ ስለዘየለ። ዝተሰነገ ኣባል ጥራሕ ኢዩ መሰሉ ዝሕደግ። ስለዚ፡ ሓው መስፍን ሓጎስ ብተግባር ተሰጒጉ ከንሱ ማባ ተውንዚፉ ኢዩ ምባሉ ቅንዕና ዝጎደሎ ኣባሃህላ ኢዩ ።ሳዕቤኑ ካኣ ጽቡቕ ኣይኮነን። ዳሓር ካኣ ካብ ሓደ ዕድሚኡ ምሉእ ዝተቃለሰን ዘቃለሰን ሓርበኛ ነዘን ኣባል ብዝኸፍሎ ገንዘብ ዝዋሃቦኦ ዝነበራ ዘይጠቕማ መቕንን ንምሕዳግ ምውሳንን ምትግባርን ጨካን ውሳኔን ተግባርን ኢዩ።

## *ናይ ፓልቶክ ኣኼባ ኣቦመንበር ሰልፊ– “ንባዓል ነጋዳስ ሓዊ ወስኸሉ”*

**<u>ኣገባብ፡</u>**

ሰልፍና ዘለዎ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ሕጂ ዝድለ ዝነበረ ኣገባብ፡ ኣባላት ብርጉእ መንፈስን፡ ስምዒትካ ውሕጥ ኣብልካ እሂን-ሚሂን ብምብህሃልን ናይ ሰላምን ናይ ምርድዳእን መንፈስ ምፍጣር ኢዩ። ንከምዚ ዓይነ ጉድይ፡ ፓልቶክ ሙቹእ ሃዋሁ ዘይፈጥር መሳርሒ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብኣንጻሩ ንኣባላት ኣብ ስሚዒት ኣእትዩ ነንሕዶም ዝጋጨውሉ ባይታን ኩነታትን ኢዩ ዝፈጥር። ኣቦመንበር ሰልፊ ንከምዚ ዓይነት ጉዳይ ብፓልቶክ ናይ ኣባላት ኣኼባ ምክያዱ፣ ውርዙይ ኣገባብ ተኸቲሉ ኣይብልን። ብግብሪ ካኣ ኣባላት ሰልፊ ንውሳኔ ማባ ዝድግፍን ዘይድግፍን ብዝዓይነቱ ኣብ ኽልተ ደምበ ተገዚዖም ርእቶታቶም ብስሚዒት ተዳራብዮም። እዚ ምርድዳእ ዝፈጥር ኣይነበረን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ሞንጎ ኣባላት ሕድሕዳዊ ምጥርጣራት ዝፈጥረ ተርእዮ ኢዩ’ውን ነይሩ እብል። እቲ ኣገባብ ነቲ ውሳኔ ማባ ዝድግፍ ዝነበረ ሸንኽ ዝያዳ ዝጥዕም ኢዩ ነይሩ እንተበልኩ’ውን ካብ ሓቂ ዝረሓቐ ኣብሃህላ ኣይመስለንን። ንኣባላት ዝተፈቕደ ጊዜ 4 ደቓይቕ ጥራሕ ስለዝነበረ፡ ኣብ 4 ደቓይቕ ተቓውሞ ምስ መተካእታ ከተቕርብ ስለዘይካኣል፡ መብዛሕትኡ እቲ ነቲ ውሳኔ ዘይደገፈ ሸንኽ፡ ክዛረብ ኣይመረጸን እብል። ንባዕለይ ከምኡ ስለዝገበርኩ። ስቕ ምባሉ ግን ነቲ ውሳኔ ከምምድጋፍ ዝቑጸር ኣይኮነን። ሙቹእ ኣገባብን ኩነታትን ኣብዝረኸበሉ ኣገጣሚታት ተቓውምኡ ካብምግላጽ ዓዲ ኣይክውዕልን ኢዩ። ኣነ’ውን ሕጂ ንሱ እየ ዝገብር ዘለኹ። **<u>ትሕዝቶ፡</u>** እዚ ናይ ምውንዛፍ ውሳኔ፡ ክልተ ወገናት፡ ማለት ተወንዛፉይን (ሓው መስፍን) ኣወንዛፉይን (ማባ) ኣለውዎ። ይኩን’ምበር ኣብቲ ኣኼባ ፓልቶክ ሓደ ወገን (ኣወንዛፉይ) ጥራሕ ኢዩ ነይሩ። ብኣቦመንበር ሰልፊ ዝተዋህበ መግለጽን ናይ ሕቶታት መልስታትን፡ እቶም ኣባላት ማባ እግሪ-እግሩ ኣንዳሳዓቡ ዝህብዎ ዝነበሩ ተወሰኽቲ መግለጺታትን መልስታትን ብምልኡ ነቲ ሓደ ሸንኽ ዝውክል ርእቶታት ጥራሕ ኢዩ ነይሩ። ናይቲ ካላኣይ ሸነክ (ተወንዛፉይ) ርእቶታት ይኹን መተካእታ (ተጻራሪ ሓሳባት) ጭራሽ ስለዘይነበረ፡ እቶም ዝተረፍና ኣባላት ሰልፊ ናይ ክልተ ወገናት ሰሚዕእና ርትዓዊ ርእቶታትና ይኹን ሚዛና ከነቕምጥ ዝካኣል ኣይነበረን። ***ማባ ንሕና ኢና ሓቂ፣ ንሕና ኢና ፍትሒ፣ ንሕና ዝበልናኩም ትሰምዑ፣ ንሕና ዝበልናኩም ትገብሩ ኢዩ ክብል ፈቲኑ።***

ብዝኾነ፡ መግለጺ ኣቦመንበር ሰልፊ ምስተዋህበ፡ ናይ ኣባላት ሕቶን ርእይቶን መድረክ ተኸፍቱ (ንነብሲ-ወከፍ ተዛራባይ 4 ደቓይቕ)። እቲ መድረክ ንስሚዒት’ምበር(emotion) ንርትዒ/ርትዓውነት(reason) ዝዕድም ስለዘይነበረ፡ እቶም ዝተዛረቡ ዘዘለዎም ስሚዒት ኢዮም ገሊጾም። ብሓፍሽኡ ኢቲ ውዕሎ ኣብ ክንዲ ስኹንን ርጉእን ህዱእን ኣካያይዳን ኣዘራርባን፡ ስሚዒትን ስሚዒታውነትን ኣብ ርእሲ/ዝባን ርትዒን ርትዓውነትን ዝነገሰሉ ተረክቦ ኢዩ ነይሩ (emotion reigned over reason)። መብዛሕቶኦም ካብቶም ዝተዛረቡ (እንኮላይ ሓለፍቲ)፡ ብዛዕቦኦምን ብዛዕባ ስሚዒቶምን እዮም ተዛሪቦም። እቲ ኣገባብውን ስሚዒትካ ኣብቲ ዝተዋህበ መግለጺ ክትህብ እንተዘይኮይኑ፡ ሚዛን ኣብቲ ቀንዲ ጉድይ ከተቕምጥ ዘኽእል ኣይነበረን። እቱይ-ምንታይሲ እቲ ተወንዛፉይ ወገን እንታይ ኢዩ ዝብል ኣብቲ ጉዳይ ሓበሬታ ጎዲሉ ስለዝነበረ። ***ብዓንቀጽ 4.3.3*** ናይ ሰልፊ ቁዋም መሰረት ኣባላት ሙሉእ ሓበሬታ ክረኽቡ ዝግበኦም ከንሱ፡ ስለምንታይ ኣብዚ ጉድይ እዚ ከምኡ ኣይተገብረን መልሱ ንጹር ይመስለኒ። ማባ ነቲ ጉዳይ ንዕዑ ከምዝጥዕም ገይሩ ከቕርቦ ስለዝደለየ ምኽኑ ካብቲ ዝህቦ ዝነበረ ሓድ-ሸነኻዊ ክስታት (ንኣብነት ንምጥቃስ ዝዝክል፡ መስፍን ብኣባላት ክንፍረድ ደልዩና፡ መስፍን ክሽፋፍለና ደልዩ፡ ወ.ዘ.ተ.) ክትርዶኦ ዘጸግም ኣይመስለንን። ናይ ክሱስ ቃል ከይሰማዕካ ፍትሓውን ርትዓውን ሚዛን ከተንብር ስለዘይካኣል፡ ኣባላት፡ ክሱስ ኣብዚ ጉዳይ እንታይ ኢዩ ዝብል ኢሎም ክፍትሹን ክፈልጡን መሰል ጥራሕ ዘይኮነስ ጉብኣትውን ኣለዎም እብል። ንኣብነት፡ ነታ “መስፍን ብኣባላት ክንፍረድ ደልዩና” ትብል ናይ ማባ ክሲ ጥራሕ እኳ እንተራና፡ ሓው መስፍን ከምኡ ዘይበለ ምኽኑ ነቲ ናይ መልሲ ደብዳቤኡ ብምንባብ ክንግንዘብ ንኽእል። ቀንዲ ሓሳባት ሓው መስፍን፡ “እቶም ቀንዲ መንቀሊ ነገራት (ኣብኡ ተዘርዚሮም ኣለዉ) ዋላኳ ንሱ የልዕሎም’ምበር፡ ንኹሉ ኣባል ሰልፊ ስልዝምልከቱ፡ ኣባላት ብነጻ ዝማያይጥሎም መድረክ ብምፍጣር መፍትሒ ምንዳይ ይካኣል ኢዩ ዝብል ኢዩ”። ኣነ’ውን ሙሉእ ብሙሉእ ምስዚ ሓሳብ እዚ ይሰማማዕ። ሕጂ’ውን ንሱ ኢዩ እቲ መስረታዊ መፍቲሒ’ውን እብል።

ኣብቲ ናይ ፓልቶክ ኣኼብ ቡዙሕ ስለዝተባህለ ሕጂ ንኩሉ ምዝካሩን ምድጋሙን ተመራጺ ኣይመስለንን። ካብቲ ኩሉ ዝተባህለ ኣብ ሰለስት ኣገደስቲ ግንካኣ ኣሰከፍቲ ተረክቦታት ዘለኒ ትዕዝብትታት/ሓቅታት ክጥቅስ ግን ኣገዳሲ ኮይኑ ይስማዓኒ። ንሳተን ካኣ እዘን ዝስዕባ ኢየን፦

I. ***ናይ ትጽቢታት ምዕባር ክለሳ-ሓሳብ (Expectations Violations Theory):-*** ብዙሓት/ዳርጋ ኩሎም ነቲ ውሳኔ ናይ ማባ ደጊፎም ዝተዛረቡ (እንኮላይ ኣባላት ማባ ማለት ኢዩ) ቑጠዐ ዝመልኦን ዳርጋ ናይ ሕነ-ምፍዳይ ዝዓይነቱ፡ ስሚዒታዊ ርእቶታት ኣብቲ ጉዳይን ኣብ ርእሲ ሓው መስፍን ሓጎስን ይህቡ ነይሮም እብል። ዳርጋ ኩላቶም፡ ሓው መስፍን፡ ዓቢ ነገር ክገብር/ክሰርሕ ዝጽበይዎ ዝነበሩ'ሞ፡ ከምቲ ዝተጸበይዎ ንትጽቢታቶም ዘዕግብ ስርሓት ዘይገበረ፣ ወይ'ውን ከም ሓው መስፍን፡ መብጸዓ ዝኣተወሎም'ሞ መብጽዕኡ ዝጠለመ ገይሮም ክገልጽዎ ፈቲኖም። ብዙሓት'ውን ***"መስፍን እንታይ ዶ ገይሩልና ኢዩ፣ መስፍን እንታይ ዶ ዝገብሮ ነገር ኣሎ ኢዩ፣ ወ.ዘ.ተ."*** ዝብሉ ዘይተወደኑ ክስታት የዝንቡ ነይሮም። ***እቶም ከሰስትን እቶም ዝተረፍና ኣብላትን ከ እንታይ ዝገበርናዮ ነገር ኣሎ ዝብል ሕቶ እንተዝቐርብ እቲ ክስታት ዝተወደነ ምኾነ ነይሩ።*** ከምኡ ኢሉ ዝሓትት ግን ኣይነበረን። ኹለን የእዳው ናብ ሓው መስፍን ሓጎስ ጥራሕ ኢየን ዝዋጣውጣ ዝነበራ። እዚ ከምዚ ዓይነት ኣጠማምታ ጉዳያት ዘይርትዓዊ ጥራሕ ዘይኮነስ ሓደገኛ ሳዕቤናት'ውን ስለዘለዎ ብዕምቖት ምፍታሹ ኣገዳሲ ይመስለኒ። ስለዝኮነ፡ መጀመሪያ ክሕተት ዘለዎ፡ "እዞም ተዛረብቲ ሓው መስፍን እንታይ ከገብር እዩ ነይሩ ትጽቢቶም?" እቲ ዘቐመጥዎ ትጽቢታት ከ ክውንነታዊ (realistic expectations) ዲዩ ነይሩስ ወይ ዘይክውነታዊ(unrealistic expectations) እልካ ምጥማቱ ኣገዳሲ ኢዩ። ዘይክውነታዊ ትጽቢት (unrealistic expectations) ኣቐሚጥካ፡ ትጽቢትካ ስለዘተማለአ ነቲ ትጽቢት ዘቐመጥካሉ ኣካል ክትቀጽዖን ኣብርእስኡ ሕነ ክትፈድን ምድላይ፡ ብናይ ስነኣእምሮ ትምህርቲ ኣጸዋውዓ፡ ***ትጽቢታት ናይ ምዕባር ክለሳ-ሓሳብ (Expectations Violations Theory)*** ይባሃል። እቲ ሕመረት ናይዚ ክለሳ-ሓሳብ እዚ፡ ሰባት ኣብ ሓደ ኣካል ትጽቢታት (ክውነታዊ ይኩን ዘይክውነታዊ)የንብሩ'ሞ እቲ ትጽቢታቶም እንተዘይተማለአ፡ ኣብቲ ትጽቢታት ዝተነብሮ ኣካል ቁጠዐ፣ ነድሪን ሕርቃን ይስመዖም'ሞ ብኩሉ ዓቕሞም ተጠቂሞም ነቲ ኣካል ክቐጽዕዎን ኣብርእስኡ ሕነ ክፈድዩን ይጽዕቱ። እቲ ሽግር ዝኸውን፡ ሰባት ዘይክውነታዊ ወይ'ውን ዘይብጸሕ ትጽቢታት የንብሩ'ሞ እቲ ዘንበሩዎ ትጽቢታት ክማላእ ስለዘይክእል፡ ነቲ ትጽቢት ዘንበሩሉ ኣካል ዘይፍትሓዊ በደላት የውርድሉ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት፡ እቲ ጸገም እቲ ዘይክውነታዊ ትጽቢታት ምቕማጥ እምበር እቲ ትጽቢታት ዝተነብረሉ ኣካል ኣይኮነን። ናይ ሓው መስፍን ሓጎስ ጉዳይ'ውን ካብዚኣ ዝተፈልየት ኣይኮነትን። ***እቲ መትሒ፡ እቶም ዘይክውነታዊ/ዘይብጻሕ ትጽቢታት ዘንበሩ ኣባልት ሰልፊ ትጽቢታቶም ምስትኽኻል'ምበር ንሓው መስፍን ካብ ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ኣባልነቱ ምውንዛፍ (ብግብሪ መሰጓግ) ኣይኮነን። እቶም ከሰስትን እቶ ዝተረፍናን ካኣ ኣነ/ንሕና ከ እንታይ ገይረ/ገይርና ኢልና ንሕተት።***

II. ***ኣብ ናይ ሞት ፍርዲ ወስታ ምርዓም (Condoning a Death Sentence):-*** እታ ቀንዲ ኣዝያ ዘሰንበደትኒን ኣዝያ ኣሕዛኒትን ኣሰካፊትን ዘረባ እታ ንሓው መስፍን ሓጎስ ንሞት ትፈርድ ብነድሪ ዝተሰንዘረት ጨካን ወስታ ኢያ። ክስቶ (ነቲ ነዛ ወስታ ዝሰንዘረ ስም ብምጥቃስ) ከምዝበሎ ተባሂላ'ውን ተደጊማ። ኣብ ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ከምዚ ዓይነት ወስታ ክረአ ብጣዕሚ ኣሰካፊ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣዝዩ ኣሕዛኒ'ውን ኢዩ። ከምዚ ዓይነት ወስታ ይትረፍዶ ካብ ኣፍ ዝኮነ ኣባል ሰልፊ ክወጽእ ኣብ ኣእምሮ ዝኮነ ኣባል'ውን ክሰላሰል ኣዝዩ ኣደንጻዊ ምኳኑ ከይኣክል፡ ኣብ ምሉእ ኣባላት ሰልፊ ዝተጋብእሉን ብኣቦመንበር ሰልፊ ተወዲቡ ዳርጋ ኩሎም ላዕለዎት ሓልፍቲ ሰልፊ ኣብዝተረኽብሉ ከምዚ ዓይነት ወስታ ከምመፍትሒ ሓሳብ ምቕራቡ ኢዩ። ንባዓል ነጎዳስ ሓዊ ወስኸሉ ከምዝባሃል፡ እቲ ቀንዲ ዘሕዘነንን ዘገረመንን ኣዝዩ ኣዝዩ ዘሰንበደንን ግን እቲ ዝተዋህበ መልስን እቲ ዝተገብረ ኣታኣላልያ እቲ ጉዳይ ብኣቦመንበር ሰልፊን ብላዕለዎት ሓለፍቲ ሰልፊ ኢዩ።

እዚ ወስታ እዚ ምስተሰንዘረ፡ ብውሕዱ ብውሕዱ ኣቦመንበር ሰልፊ (ንሱ ዝመርሖ ኣኼባ'ውን ስለዝነበረ)፡ ብነድርን ብቑጠዐን ነቲ ሓስብ ክነጽጎን ነቲ ወስታ ዝሰንደወ ባእታ ካኣ እንተዋሓደ ክግስጦን እየ ተጸብየ። ይኹን'ምበር፡ መጀመሪያ ኣቦመንበር ሰልፊ ነታ ወስታ ዕሽሽ ኢሉ ምስሓለፉን፡ ኣይተመለሰትን ተባሂሉ ካላኣይ ምስተሓተ ዝሃቦ መልስን ጭራሽ ዘይተጸበኹዎን ዘደንጽውንን ጥራሕ ዘይኮነስ ክሳብ ሕጂ ዋላ ክርዳኣኒ ዘይካኣለ ኢዩ። ***"ኣብ ቁዋምና ስለዘየል ኢዩ፡ ኣገባብ ቃልስና ካኣ ሰላምዊ ኣገባብ ኢዩ'*** ዝዓይነቱ መልሲ ሂቡ። እምበርከ ሓው መስፍንስ ናይ ሞት ፍርዲ ይግበኦ ማለት ድዩ? "***ወርዊሩ ዝሰሓተካስ ሞሳ እዝጊ እምበር ኣይሞሱኡን" ከምዝባሃል፡*** እዚ መልስን ላህጁኡን ምስሰማዕኩ ናይ ባሓቂ ሰንብደን ኣበይ ዲየ ዘለኩ እለ ኸሓታት ጀሚረ። ብመስረቱ፡ እቲ ወስታ ምስ ቁዋምን ኣገባብ ቃልሲ ሰልፊን ዘራኽብ የብሉን። እቲ ወስታ ዝሰንደወ ባእታ'ውን ኣብ ቁዋም ሰልፊ ከምዘየልን እቲ ኣገባብ ቃልሲ ሰልፊን ይፈልጦ ኢዩ። ቅዋማዊ መትከላቱ ብዘየገድስ፡ ሰ.ዲ.ህ.ኤ ንሓው መስፍን ሓጎስ ክቕንጽሎ ኣለዎ ዝብል ናይ ገበነኛ ኣእምርኡ ባህጊ (criminal mind's intent) ኢዩ ኣቕሪቡ።

እቲ ካልእ ዘገርምን ዘደንጹን ተረኺቦ፡ ዳርጋ ኩሎም ወይ'ውን መብዛሕትኦም ላዕለዎት ሓለፍቲ ሰልፊ ኣብቲ ኣኼባ ነይሮም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እንዳተባራረዩ'ውን ተወሰኽቲ መልስታትን መግለጺታትን ክህቡ ውዒሎም ክንሶም፡ ብዛዕባ እዚ ንሓው መስፍን ንሞት ዝፈርድ ወስታ ዋላ ሓደ ካብኦቶም "እዚስ ኣይግባኣን፡ ነውሪ" ኢሉ ዝተዛረበ ዘይምንባሩ ኢዩ። እቲ ሕቶ ሕቶ ምርዓምን ዘይምርዓምን ስለዝነበረ፡ እቲ መትከል "እንተዘይ ነጸግካዮ፡ ተቀብልካዮ ማለት ኢዩ" (If you don't reject it, you condone it) ኢዩ።

III. ***ውልቃዊ ምልልስን ሓቅነቱን (the truth about the so called private correspondence):-*** እታ ሳልሰይቲ ኣስካፊት ግን ካኣ ምዝካራ ኣገዳሲት ዝኾነት ብሓድ ኣባል ዝቐረበት፡ "ኣብ ውሽጢ ሰልፊ ብሓው መስፍን ሓጎስ ትምራሕ ካልእ ሰልፊ ኣላ" ዝዓይነቱ ናይ ግሉ ምስ ሓው መስፍን ዝገበርክዎ ምልልስ (correspondence) ጭብጢ ኣለኒ ተባሂላ ዝቐረበት ሓሳብ እያ። እቲ ባእታ ባዕሉ ብፍቓዱ ምስ ሓው መስፍን ገይረዮ ዝብሎ ናይ ውልቂ ምልልስ፡ ኣብ ኣባላት ስለዘውረዶ፡ ሕጂ ብዛዕብኡ ምዝራብ ሓላል ይመስለኒ። ኣገዳሲ ካኣ ስለዝኮነ። ሓቅታት ናይዚ ቢሂላት እዚ ምፍታሽ ኣገዳሲ ይመስለኒ። ሕቡእ ሰልፊ እኮ ኣላ ኢያ እንዳበልካ ኣብ ውሽጥካ ዝሰራሰር ዘይተጨበጠ ሓሜት ናብ ኣባላት ምዝራው፡ ሳዕቤኑ ምጥርጣራትን ዘይምትእምማንን ኣብ ሰልፊ ብምፍጣር ንውሽጣዊ ሓድነት ሰልፊ ካብ ዝፈታተኑ ሓደገኛ ወስታት ሓደ ስለዝኮነ፡ ሓቅነቱ ኣብ ምፍታሽ ኣብ ዝገበርክዎ ጻዕሪ፡ እነሆ እቲ ገይረዮ ዝብሎ ውልቃዊ ምልልስ ኣብ <u>ጥብቆ ቀሪቡ።</u> እቲ ሚዛን ናባኻትኩም ይኸውን።

## መደምደምታ፡ ልቦናን ዓቕልን ዘድልዮ ጊዜ

ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ናይ ብወለንታ ዝተጠርነፉ ኣባላት ሰልፊ ኢዩ ***(ዓንቀጽ 4.1.2)***። ስለዝኮነ ካኣ ዝኮነ ባእታ ቅድሚ ዝኮነ ሓላፍነት ይኩን ቦታ ምሓዙ መጀመሪያ ኣባል ኢዩ (you are a member before you become a leader)። ብመሰረት ***ዓንቀጽ 4.3.2*** ቅዋም ሰልፊ፡ ኩሉ ኣባል ማዕረ መሰላት ኣብ ሰልፊ ኣለዎ። እቲ ቀንዲ ብሓደ ጠሚሩ ዘቃልሶም ገመድ ካኣ እቲ ***"ብሓባር ምቅላስ ዝያዳ ኣድማዒ ኢዩ"*** ዝብል እምነት ኢዩ። ስለዝኮነ፡ ንዝኮነ ኣባል ሰልፊ፡ ጉዳይ ሰልፊ ጉዳዩ ስለዝኮነ ኣብ ጉዳዩ ከም ወዲወሰን ክቑጸር ኣይግበኣን። ውሽጣው ሓድነት ሰልፊ እቲ ናይ ሓባር ጠማሪ ገመድ ስለዝኮነ ንክይልሕልሕን ካብኡ ሓሊፉ'ውን ንከይብተኽ ምክልኻል ናይ ኩሉ ኣባል ሓላፍነትን ጉብኣትን ኢዩ። ተጻብኦ ኣብርእሲ ውሽጣዊ ሕድነት ሰ.ዲ.ህ.ኤ (ካብ ላዕሊ ይበገስ ካብ ታሕቲ ብዘየገድስ) ናይ ምብድሁን ምፍሻሉን ጉዳይ መሰልን ጉብኣትን ነብሲ-ወከፍ ኣባል ኢዩ። ቅዋም ሰልፊ'ውን ነዚ ሓቂ እዚ ኢዩ ዘረጋግጽ ***(ዓንቀጽ 4.4.9)***። ስለዝኮነ፡ ንቅዋም ዝጥሕሱን ንመባእታዊ መሰላት ኣባል ዝግህሱን ውሳኔታት (ኣብየናይ ጽፍሒ ሰልፊ ይገበሩ ብዘየገድስ) ክውሰዱ ከለዉ ኣይፋል ምባል መሰረታዊ መትከል ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ምኻኑ ክዝንጋዕ ዘይብሉ ሓቂ ኢዩ ***(ዓንቀጽ 2)።*** ውሽጣዊ ሓድነት ሰልፍና ክንድሕን ክንጥቀመሉ ዘለና መሳርሒ ቃልሲ ኢዩ'ውን። ***ሕጂ'ውን ንውሽጣዊ ሓድነት ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ከይተሓለልናን ከሳብ መጨረሻን ንጽዓት።***

የቐንየለይ
ገብረ

### *መወሰኽታ (Addendum): ዕላል ኣብ ቤት/ገዛ ሰ.ዲ.ህ.ኤ.፡ ናይ እዝኒ መርትዖታት ጥራሕ ዘለኒ (የእዛነይ ዝሰምዕ'ዖ) ግን ካኣ ንውሽጣዊ ሓድነት ሰ.ዲ.ህ.ኤ ዝፈታተኑ ኣሰከፍትን ሓደገኛ ወስታት ካብዝብሎም ውሑዳት፡*

*1. ካብ ገለ ዓበይቲ ላዕለዎት ሓለፍቲ ሰልፊ ኣብ ኣኼባታት ከተረፈ ክስንዘሩ ዝጸንሑ ወስታት ከምእኒ፡ ንኣብነት ንምጥቃስ : "ንሕናን (ሰልፊ ህዝቢ) ጋሸን ባርካን ኮይና ንሰ.ዲ.ህ.ኤ. ክንቅጽሎ ንኽእል ኢና"፣ "መዓስ እና ምስጓግ ንጅምር" ኣለዉ ይባሃል። ከምዚ ዓይነት ወስታት ነቶም ኣብመስርሕ ሓድነት ብወገን ሰልፊ ዲሞክራሲ (DP) ሸንኽ ዝመጹን ነቶም ድሕሪ ሓድነት ሰልፊ ዝተጸንበሩን ኣባልት ዘግልል ጥራሕ ዘይኮነስ ነቲ ውዕል ሓድነት ዘፍርስን ንውሽጣዊ ሓድነት ሰ.ዲ.ህ.ኤ. ብሰንጣቂ ዝሃርምን ኢዩ። ስለዚ እቲ ናይ ሓው መስፍን ሓጎስ ናይ ምውንዛፍ (ብግብሪ ምስጓግ) ውሳኔ ናይዚ ኣተሓሳስባ እዚ ኣካል ኮይኑ ኣብ ግብሪ ንምውዓሉ ዝግበረ ዘሎ ናይ መጀመሪያ ወግዓዊ ስጉምቲ ክኸውን ይኽእል ኢዩ። እቲ **"ሰልፊ ዲሞክራሲ (DP) እንታይዶ ሕጀምልና መጺኦም ኢዮም፣ ዘይውሕዳት ኢዮም"** እንዳተብህለ ዝጋማዓሕ ዘይሓልፍነታዊ ዘረባታት እኳ ኣብ ብዙሕ ኣገጣሚታት ክዝውተር ጸኒሑስ፡ ነቲ ውሽጣዊ ሓድነት ሰልፊ ብምልሕላሕ ዘይወግዓዊ ምድስካል/ምግላል ኣኸቲሉ'ውን ኢዩ። ኣብዚ ከንስተባህለሉ ዘለና ሓቂ ኣሎ። ንሱ ካኣ፡ ሓድነት ናይቶም ክልተ ወገናት (DP and EPP) ሓድነት ናይ ዓላማ፣*

ራኢን መጻእን እምበር ናይ ኣባላት ምድባል (matching numbers) መስርሕ ኣይነበረን። ጉዕዞ ሓድነት ሲ.ዲ.ሀ.ኤ. ከምመስርሕ "ምድባል ኣባላት" ገይርካ ምውሳድ ላዓቱ ዝሳሓተ ኣረዳድኣ ሓድነት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ምልሕላሕ ካብኡ ሓሊፉ'ውን ምብታክ ሓድነት ኢዩ ዘስዕብ።

II. እቲ ናይ ሓው መስፍን ኣባልነት ካብ ሲ.ዲ.ሀ.ኤ. ምውንዛፍ ውሳኔ ተክኒካዊ ብቕዓት ዝጎደሎን መሰረታዊ ናይ ኣኼባ ሕግታት ዝጣሓሰ ኢዩ'ውን ነይሩ ይባሃል። ኣብ ንቡር ውሳኔ ንምውሳድ ኣብዝግበር ኣኼባ፡ ቅድሚ ኣኼባ ይኹን ድሕሪ ኣኼባ ድምጽታት ኣይእከብን ኢዩ። ከምኡ እንተተገይሩ ካኣ፡ እቲ በዚ ኣገባብ ድምጺ ዝተወሰነ ውሳኔ ውዱቕ ወይ ንጹግ ይኸውን። ማባ ግን ነዚ መሰረታዊ ኣገባብ እዚ ብምጥሓስ፡ ድሕሪ ኣኼባ ድምጺ ብምእካብ፡ ኢዩ ውሳኔ የሕሊፉ ይባሃል። ስለዚ ናይ ሓው መስፍን ምውንዛፍ ውሳኔ ማባ ንጹግ ክኸውን ይግባእ ማለት ኢዩ።

III. ኣብ ጉዳይ ሓው መስፍን ሓጎስ፡ ካብ መግለጺን ርእይቶን ምሃብ ምቑጣብ ይኩን ነዚ ጉዳይ ንምውሳን ኣብዝተገብሩ ድምጽ ናይምሃብ መስርሓት ድምጺ ካብምሃብ ነብሶም ከግልሉ ዝግበኦም በተ-ሰብ መሰረት ዝገበረ ርኡይ ናይ ረብሓ ምርጸማት ዘለዎም ባእታት ኣለዉ። ሓው መስፍን ሓጎስ ስልጣኑ (ኣብ ስልጣን ከሎ) ንበተ-ሰባዊ ረብሓ (ናይ በተ-ሰብ ሕነ መፍደዪ) ስለዘይተጠቐመሉ ካብ በተ-ሰብን ኣዝማድን ቀጻሊ ሕነን ከምገጥሞ ይንገር። ንሲ.ዲ.ሀ.ኤ. ሕነ ከምመፍደዪ መሳርሒ ምጥቃም ነውሪ ጥራሕ ዘኮነስ፡ እቲ ሰልፊ ናይ ከምዚ ዓይነት ባይታ ጥጡሕ ምኳኑ ጉብእ ኣይመስለንን። ብኣንጻሩ፡ ሓው መስፍን ሓጎስ ክንየው በተ-ሰባዊ ጸበት፡ ረብሓ ሃገርን ህዝብን፣ ብቐንዱ ካኣ ናይ ፍትሒ ማዕርነት (due process) ምቕዳሙ ናይ ኩላትና ኣክብሮትን ኣድናቖትን ዝግበኦ ሓርበኛ ሃገራዊ ምኳኑ ኢዩ ዝሕብር። እዚ ኣብ ሰራዊት ይኩን ኣብ ህዝቢ ብሰፊሑ ዝፍለጥ ባህርያትን/ጠባያትን ሓው መስፍን ሓጎስ ኢዩ።

*ካላኣይ ክፋል*

## *ወሓጥዮ እንተበልክዋስ ትጎስመሉ፡ (-) + (+) = 0 (ቀመር ማባ ሰዲህኤ)*

መሪሕነት ዞብ ሰሜን ኣመሪካ ሰዲህኤ ብ 15 ጥሪ 2017 ናይ ሙሉእ ኣባላቱ ዕዉት ናይ ተለኮንፈረንስ ኣኼባ ከምዘካየደ ዝዝከር ኢዩ። መሪሕነት ዞባ ነቲ ንውሽጣዊ ሓድነት ሰልፊ ዝምልከት ናብ ማባ ሰልፊ ዝላኣኾ ባዓል 5-ነጥቢ ውሳነታት ብሰፊሑ ድሕሪ ምብራህን ነቲ ካብ ጨናፍር ዝቐረበሉ ሕቶታት ድሕሪ ዓዕጋቢ መልስታት ምሃብን፡ መድረኽ ንናይ ኣባላት ሕቶን ርእይቶን ብምኽፋት ጽፉፍን ኣብነታውን ኣኼባ ኣካይዱ። ዝበዝሑ ኣባላትን ጨናፍርን ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ነቶም ነቲ 4ይ ጉባኤ ዞባ ዘሕለፎም ንውሽጣዊ ሓድነት ሰልፊ ዝመልከቱ ውሳነታት፡ ለቦዋታትን ምሕጽንታታትን ደጊሞም ብምድጋፍ፣ ነቲ ዞባ መሪሕነት ዘሕለፎ ባዓል 5-ነጥቢ ውሳነታት ዘለዎም ተሪር ደጋፍ ገሊጾም። ማባ ውሳነኡ ንኽስሕቦ’ውን ደጊሞም ጸዊዖም። ኣብዚ ኣኼባ ዝተነጸረ ሓደ ሓቂ’ውን ኣሎ። ***ንሱ ካኣ፡ ኣብዚ ጊዜ እዚ ንሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ገጢምዎ ዘሎ ብድሆ “ልዕልና ሕጊ ዶስ ወይ ውሳነ መሪሕነት ይቕድም ዝብል ክሳዳዊ ሕቶ ምንጻርን ምምላስን” ምዃኑ ኢዩ። እቲ ቀንድ ጉዳይ፣ ብዛዕባ “ሕጋውነትን ቅዋማውነትን” ውሳነ ማባ ዳኣ’ምበር ብዛዕባ ሓው መስፍን ሓጎስ ወይ’ውን ብዛዕባ ኣባላት ማባ ኣይኮነን።***

ማእከላይ ባይቶ ሰዲህኤ ቅዋም ሰልፊ ዝጥሕስ ውሳነ ወሲዱ ክባሃል ከሎ፡ እቲ ናይ ምውንዛፍ ውሳነ፡ ሕጋውነትን ቅዋማውነት ዝጎደሎ ውሳነ ኢዩ ማለት ኢዩ ***(ዓንቀጽ 3.8)***። ማባ ልዕሊ ሕጊ ኮይኑ፡ ንሕጊ ሰልፊ ተማእዛዚይ ክኸውን ኣይካኣለን፡ ቅዋም ሰልፊ ጥሒሱ። ብውሕዱ እዞም ዝስዕቡ ጥሕሰታት ካኣ ክጥቀሱ ይካኣሉ፡-

1. ካብ ሰልፊ ኣባልነት ምውንዛፍ ማለት እንታይ ማለት ኢዩ? ኣባልነቱ ዝተወንዘፈ ኣባልከ እንታይ ኢዩ ናይ ኣባልነት ግብኣቱን ናይ ኣባልነት መሰላቱን? ኣባልነት ኣብ ሰዲህኤ ብመልክዕ መሰላትን ***(ዓንቀጽ 4.3)*** ግብኣትን ***(ዓንቀጽ 4.4)*** ኢዩ ዝግለጽ።ናይ ዝተወንዘፈ ኣባል መሰልን ግብኣትን ዝድንግግን ዝውስንን ዓንቀጽ ኣብ ቁዋም ሰልፍና የልቦን። ስለዝኮነ፡ ኣባልነት ካብ ሰልፊ ክውንዘፍ ይኹን ክድስክል ኣይካኣልን። ***ብዓንቀጽ 4.5*** መሰረት፡ ክስጎግ ጥራሕ ኢዩ ዝካኣል። ሓው መስፍን ግን ***ንዓንቀጽ 4.5*** ኣይጣሓሰን። ማባ’ውን፡ ዓንቀጽ ጠቂሱ፡ ሓው መስፍን ነዛ ዓንቀጽ እዚኣ ስለዝጣሓሰ ኢዩ ተወንዚፉ (ብግብሪ ተስጒጉ) ኢሉ ዝጠቐሶ የልቦን። ዝጣሓሶ ኣንቀጽ ስለዘየለ።
2. ሓው መስፍን ሓጎስ ሓላፍነቱ ካብ ማእከላይ ባይቶ(ማባ) ብገዛእ ፍቓዱ ስለዘውረደን፡ ማባ ካኣ ንጠለቡ ስለዝተቐበሎን፡ ተራ ኣባል ሰልፊ ኢዩ ነይሩ። ብቁዋም ሰልፍና መሰረት ካኣ ዝኾነ ንውልቀ ኣባል ዝምልከ ጉዳይ በታ ዘለዋ/ዘላታ ጨንገር ኢዩ ዝውዳእ (***ብዓንቀጽ 5.2.1*** መስረት፡ጨንፈር መሰረታዊ ኣሃዱ ሰዲህኤ ኢያ)። ብይግባኝ ጥራሕ ኢዩ ጉዳዩ/ያ ናብ ዞባ ወይ’ውን ካብኡ ንላዕሊ ዘሎ ጽፍሒ ዝሓልፍ። ናይ ሓው መስፍን ሓጎስ ጉዳይ ካኣ በቲ ዝነበሮ ጨንፈር ክትሓዝን ክእለን ነይሩዎን ይግቦኣን። ***ስለዝኾነ ማባ ጉዳይ ሓው መስፍን ታሕቲ ወሪዱ ክርኢ ቁዋማውን ሕጋውን ኣይነበረን***፡ ከምኡ ስለዝተገብረ፡ ናይ ሓው መስፍን ናይ ይግባኝ ቁዋማዊ መሰል(***ዓንቀጽ 4.3.6***) ተገፊፉ ማለት ኢዩ። በቲ ዝግቦኦ ማለት ብጨንፈር ተራእዩ ነይሩ እንተዝኸውን፡ ናብ ንእስ ዞባ፣ ናብ ዞባ ወ.ዘ.ተ. ይግባኝ ናይ ምባል ቁዋማዊ መሰሉ ክጥቐም ምኻኣለ ነይሩ።
3. ***ብዓንቀጽ 4.3.6*** መሰረት፡ ዝኮነ ኣባል ንዕኡ ዝምልከት ክስታት ዘጠቓቐል ውሳነ ኣብዝውሰደሉ እዋን ክስታቱ ክፈልጥን ንኽሱ ክከላኸልን መሰሉ ሕሉው ከንሱ፡ ሓው መስፍን ግን እዚ ዕድል እዚ ክረከብ ኣይካኣለን። ጉዳዩ ማባ ሰለዝራኣዮ፡ ሓው መስፍን ካኣ ኣባል ማባ ስለዘይኮነ፡ ኣብ ቅድሚ ማባ ቀሪቡ ንክስታቱ ክከላኸል ኣይክእልን ኢዩ ተባሂሉ ተኸልኪሉ። ***ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ ማባ፡ ቁዋም ሰልፊ ዝጣሓሰ ጥራሕ ዘይኮነስ መባእታዊ መሰል ኣባል ዝገፈፈን ዘይፍትሓዊ ኣገባብ ኢዩ’ውን ነይሩ።***

***ጥሕሰት ቅዋም ሰልፊ ማለት ምግሃስ ዕላማታትን ራእን ተልእኾን ሰዲህኤ ማለት ምዃኑ ብንጹር ምግንዛቡ ኣገዳስን ክስመረሉ ዘለዎ መሰረታዊ ሓቂን ኢዩ።*** ጥሕሰት ቅዋምን ግህሰት ዓላማታትን ራእታትን ተልእኾታትን ሰዲህኤ ካኣ ንሓድነት ሰልፊ ብሰንጣቂት ሃሪሙ ዘፍርስ ኢዩ። ስለዝኾነ፡ ኢቲ ዝግባእ ዝነበረ፡ ማባ ነቲ ዝወሰዶ ውሳነ ብምስሓብ፡ ኣብ ሰልፊ ንቡር እሂን-ሚሂን ዝፈጥር ሃዋሁ ንክመጽእ ክጽዕት ነይሩዎ። ተጋግየ እልካ ገይጋካ ምእራም ምልከት ብስለትን ልቦናን እምበር ምልክት ስንፍና ወይ’ውን ሽንፈት ኣይኮነን ነይሩ። ይኹን’ምበር፡ ማባ ንዝቐረቡሉ ምሕጽንታትት፡ ለቦዋታትን መዝከረታትን ንዘይምቕባል ከንደልህጽ/ከንደልፍጽ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሕጂ ብ *(-) + (+) = 0* ዝብል ቀመር ብምጥቃም ነቶም ካብ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ዝቐረቡሉ ምሕጽንታትት፡ ለቦዋታትን መዝከረታትን ኣይቅብለሙን ብምባል ***“ቅዋም ሰልፊ ዝጣሓሱ”*** ውሳነታቱ ከምዘይስሕቦም ገሊጹ ኣሎ። እቲ ስነ-ሞጎት እንታይ ኢዩ እንተተባህለ፡ “ጨንፈር ኣዲስ ኣባባ መስፍን

ሓጎስ ክስጎግ ኣለዎ ስለዝበለት፡ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ማባ ውሳነኡ ንኽስሕብ ዘቕረቦም ምሕጽንታትት፡ ለቦዋታትን መዝከረታትን ንጹጋት ኢዮም" ዝብል ኮይኑ ንረኽቦ። ማለት፡ ***(ለቦዋ ጨንፈር ኣዲስ ኣባባ(መስፍን ሓጎስ ክስጎግ ኣለዎ)(-)) + (ለቦዋ፡ ምሕጽንታን መዘክርን ዞባ ሰሜን ኣመሪካ (ዘይሕጋውን ዘይቅዋማውን ውሳነ ማባ ክሳሓብ)(+)) = (ማባ ውሳነይ ኣይስሕብን ይብል (0))። ኣብ ኣልጀብራ (ሕሳብ) እንድሕርዳኣ (-ሀ) + (+ለ) = 0 ክይኑ፡ ሀ = ለ ማለት ኢዩ።*** ስለዝኾነ፡ ብቀመር ማባ መስረት፡ ለቦዋ ጨምፈር ኣዲስ ኣባባን ምሕጽንታትት፡ ለቦዋታትን መዝከረታትን ዞባ ሰሜን ኣመሪካን ብዛዕባ ሓደ ዓይነት ጉዳይ ተጻረርቲ ለቦዋታት/ውሳነታት ግን ካኣ ሓደ ዓይነት ሚዛን ኣለዎም ማለት ኢዩ። ወዮዳኣ ***"ዋሓጥዮ እንተበልክዋስ ትጎስመሉ ---"*** ኮይኑ'ምበር፡ ማባ ከምዚ ዓይነት መሰረታዊ ኣበር (መንቅብ) (fundamental flaw) ዘሎዎ ቀመር ምጥቃም ኣይምተገቦኣን። ብኣንጻሩ እኺ ዳኣ ከምቲ ልቦና ቀዳሞት ዝብሎ፡ "ስርዓት የናብር፡ ዕርቂ የካባብር" ስለዝኾነስ፡ ነቲ ጉዳይ ብዕምቕትን ብርግኣትን ፈቲሹ ናይ ምንጽጻግ ዘይኮነስ ናይ ምርድዳእ መንፈስን ሃዋሁን ዝፈጥር ኣገባብ ክኽተል ይግበኦ ነይሩ።

መጀመሪያ፡ ብዓቕን ደረጃ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ብዙሓት ጨናፍራት ዝሓዘን ብኣማኢት ዝቑጸሩ ኣባላት ዘለውዎን ዞባ ኢዩ። ስለዝኮነ፡ ንዞባ ሰሜን ኣመሪካ ምስ ካብ 10 ዘይበጽሑ ኣባላት ዘለውዋ ጨንፈር ኣዲስ ኣባባ ከተዋዳድር ምፍታን ሕጊ ኣልገብራ (Algebra) ዝጥሕስ ኢዩ። ካላኣይ ነገር ካኣ፡ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ዘልዕሎ ዘሎ ሕቶ (ጉዳይ) ***"ልዕልና ሕጊ ዶስ ወይ ውሳነ መሪሕነት ይቕድም? Rule of Law versus Rule of Leaders: Which one Takes Primacy?"*** **ዝብል ኮይኑ፡ ማባ ቅዋም ሰልፊ ጥሒሱ ኢሉ ኢዩ ሕጋዎ ሞጎት ዘቕርብ ዘሎ።** በቲ ካልእ ወገን፡ ጨንፈር ኣዲስ ኣባባ ነቲ ዘይሕጋዊ ውሳነ ማባ ምድጋፍ ጥራሕ ዘይኮነስ "መስፍን ሓጎስ ክስጎግ ኣለዎ" ኢያ ትብልውን። እተቕርቦም ምክንያታት ካኣ፡ ብሰንኪ መስፍን ሓጎስ ናብ ሰዲህኤ ክስለፉ ዝግበኦም ዝነበሩ መናእሰይ ክሃድሙ ስለዝጸንሑ፡ ምስ መስፍን ሓጎስ ዝመርሖ ዝነበረ ውድብ ምስማርና ስለዘኽሰረናን ወ.ዘ.ተ. ዝብሉ ኣብ ናይ *ትጽቢታት ምዕባር ክለሳ-ሓሳብ (Expectations Violations Theory)* ዝተሰረቱ ዳርጋ ናይ ሕነ-ምፍዳይ ዝዓይነቱ፡ ስሚዒታዊ ርእቶታት ኣብ ርእሲ ሓው መስፍን ሓጎስ ዝገበሩ እዮም። እዚ ካኣ ካብቲ ኣብመንበር ሰልፊ ኣብዝገበሮ ናይ ፓልቶክ ኣኼባ ዝነበረ ***"መስፍን እንታይ ዶ ገይሩልና ኢዩ፣ መስፍን እንታይ ዶ ዝገብሮ ነገር ኣሎ ኢዩ፣ ወ.ዘ.ተ."*** ዝብሉ ዘይተወደኑ ክስታት ዝተፈልዩ ኣይኮኑን። መስፍን ሓጎስ ብመስረት ***ዓንቀጽ 4.1.1.*** ንቅዋምን ፖሊቲካዊ ፕሮግራምን ሰዲህኤ ተቐቢሉ ንነዊሕ ጊዜ ዝተቓለስን ዘቃለሰን ባእታ ኢዩ። ስለዝኾነ ኢዩ'ውን ኣብ 2ይ ጉባኤ ሰልፊ ካላኣይ ዝላዓለ ድምጺ ብምራካብ ንማባ ዝተመርጸ። ስለዚ፡ እዚ ብጨንፈር ኣዲስ ኣባባ ዝቐረበ ስነ-ሞጎት መሰረት ኣልቦ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካብ "ናይ ረብሓታት ምግጫው" (conflict of interest) መትከል ዝምንጩ'ውን ኢዩ።

ኣብዚ ክስተባህለሉ ዘለዎ ሓቂ፡ ክለት ካብቶም ሓው መስፍን ሓጎስ ዘልዓሎም ከርሰ-ነገራት ብዛዕባ ሰዲህኤን ዝምድናታቱ ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያን፣ ሰዲህኤን ምልክታት ምንጽልላው ብልሽውናን ዝምልከቱ ኢዮም። ብዛዕባ ዝምድናታት ሰዲህኤን መንግስቲ ኢትዮጵያን ብዝምልከት፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ሰልፊ ፍልይያት ከዝነበረን ከምዘሎን ኩሉ ዝፈልጦ ስለዝኾነ ሕጂ ብዛዕብኡ ምዝራብ ተደላዪ ኣይኮነን። ይኩን'ምበር ብዛዕባ እዚ ጉዳይ እዚ ክንዛረብ ከለና፡ ክፍለጥ ዘለዎ ሓደ ሓቅን መረታዊ ሕቶን ኣሎ። ንሱ ካኣ ምምሕያሽ ወይ ምሽሕኻር ናይዚ ዝምድና እዚ ብኸመይ ንውልቃዊ ረብሓታት ውልቀ ኣባላት ሰልፊ ይጸለዉ ዝብል ኢዩ። ኢዚ "ናይ ረብሓታት ምርጻም" (conflict of interest) ምህላዉን ዘይምህላዉን ምፍታሽ ክስገር ዘይብሉ ዕማም ምኧኑ ኢዩ ካኣ ዘመልከት። ገለገለ ኣባላት ጨንፈር ኣዲስ ኣባባ ኣብ ኢትዮጵያ እንዳሰርሑ/እንዳነገዱ ስለዝነብሩ ስለዝኾኑ፡ መታን ውልቃዊ ረብሖኦም ከይትንከፍ፡ ዝኮነ ንዝምድና ሰዲህኤን መንግስቲ ኢትዮጵያን ዝምልከት ጉዳይ፡ ነቲ ዝምድና ብዘየሻሕኽር ኣገባብ ክእለ እዮም ዝደልዩ። ስለዚ፡ ሕጂ መስፍን ሓጎስ ክስጎግ ኣለዎ ምባሎም ካብዚ ስነ-ሞጎት እዚ ዝንቅል ምኧኑ ምግማቱ ዘጸግም ኣይኮነን። ከም ንቡር ኣሰራርሓ ግን፡ ናይ ረብሓ ምግጫው (conflict of interest) ስለዘለዎም፡ ኣብቲ ጉዳይ ርእይቶ ይኹን ውሳነ ክህቡ ኣይግባእን። ቅኑዕ/ውርዙይ ኣሰራርሓ እንተዝህሉ፡ ነብሶም ከግሉሉ ከምዝግቦኦም ንፈለጡ ወይውን ንተነግሩ ነይሮም። ብኣንጻሩ፡ ኮር ተገልበጥ ኮይኑ፡ ሕጂ ዋላ እቲ ብምጥፍፋእ ገንዘብ ሰልፊ ክሕተትን ካብ ሰልፊ ክሰናበት ዝግቦኦ ዝነበረ ሰብ (ኣብ ታሕቲ ተመልከት)፡ ሓው መስፍን ሓጎስ ኣብ ፈጻሚት ሽማግለ ክትመጽእ ኣይግባኣካን ኢዩ ኢሉ ስለዝተቓዎሞ፡ ሕነ ምፍዳይ ብዝዓይነቱ ቅዲ፡ ንሓው መስፍን ካብ ሰልፊ ንኽስገግ ዘይግልብጦ የእማን የብሉን። ከምቲ ልቦና ዓደቦ ዝብሎ "ገርሂ (ዘይተሓበረ) ከም ነጋሪኡ፡ መጥሓን ከም ወቓሪኡ" ስለዝኾነ፡ ጨንፈር ኣዲስ ኣባባ'ውን መሳርሒ ኢዚ ቅዲ ኢዚ ካብምኧን ኣይዳሓነትን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ነቲ ብዞባ ሰሜን ኣመሪካ ዝቐረበ ውሳነ ማባ ናይምስሓብ ጠለብ ከም መደላደሊ/መዳረጊ (countervailing) መታን ክትከውን ተተባቢዓ።

እቲ ካላኣይ ክርሰ-ነገር፡ ብዛዕባ ምንጽልላው ብልሽውና ኣብ ሰዲህኤ ኢዩ። ኢዚ ካኣ ምስቲ ኣብ ከባቢ መወዳእታ 2012 ኣብ ኣዲስ ኣባባ ቤት ጽሕፈት ሰዲህኤ ጠፊኡ ዝተባህለ ኣብ ኢድ ሓደ ኣባል ጨምንፈር ኣዲስ ኣባባ ዝነበረ ካብ 90 ሽሕ ብር ኢትዮጵያ ንላዕሊ ዝኾነ ናይ ሰልፊ ገንዘብ ዝተኣሳሰረ ኢዩ። ኢዚ ጉዳይ ኢዚ ክልተ ደረጃታት ወይ'ውን ገጻት ኣለዎ።

1. ***ነቲ ነቲ ገንዘብ ብሓላፍነትን ብሓደራን ዝተረከበ ኣባል ዝምልከት፦*** መጀመሪያ ኣብዚ ክስመረሉ ዘለዎ ጉዳይ፡ ***"ንጹህ* (ኣይገብነኛን) ክሳብ ብሕጊ ጥፍኣተኛ *ምኟንካ ዝረጋገጽ"*** **(innocent until proven guilty)** ዝብል ናይ ሕጊ ኣምር ምጥቃም ዘይበትኡ ምኻኑ ኢዩ። እቲይምንታይሲ፡ ሰልፊ ኣይኮነን ነዚ ባእታ ገንዘብ ወስድካ/ሰሪቕካ ኢሉ ዝኸሶ ዘሎ። እንታዳኣ፡ እቲ ብሓላፍነት ገንዘብ ሰልፊ ዝተረከበ ባእታ ኢዩ እቲ ሰልፊ ብሓላፍነት ዝሃበኒ ገንዘብ ጠፊኡኒ ዝብል ዘሎ። ስለዚ፡ ከምቲ ኣቦው ዝብልዎ፡ ***"ወይ ወሳዲ ኣምጽእ ወይ ወሳዲ ኩን"*** ስለዝኮነ፡ እዚ ኣባል ኢዚ ገንዘብ ከምዝጠፍአ መረጋገጺ ናይ ምቕራብ ሰከም (burden of proof) ናብኡ ኢዩ። ንሱ ግን ካብ ገንዘብ ጠፊኡኑ ሓሊፉ እቲ ገንዘብ ከምዝጠፍአ መርትዖ ከቕርብ ኣይካለን። ብሰልፊ ዝቐመት መርማሪት ኮሚቴ'ውን ድሕሪ ዓሚቕን ሰፊሕን መርመራ ምክያድ፡ እቲ ገንዘብ ከምዝጠፍአ መረጋገጺ ኣይረኸበትን (**ጥብቆ ተመልከት**)። ብተውሳኪ፡ ኣብ ፍዚክስ (Physics) ሓደ ስክለሮሲስ (sclerosis) ዝባሃል ኣምር (concept) ኣሎ። ብመሰርት እዚ ኣምር፡ "ሕሉፍ ባህርያት ናይ ሓደ ባእታ ንህልውን መጻእን ባህርያቱ ይውስኖ/ይጸልዎ"። ንኣብነት፡ እንድሕርዳኣ ናይ ሓደ ሰብ ሕሉፍ ባህሪ ምጥፍፋእን ስርቅን ኮይኑ፡ ናይ ምጥፍፋእን ስርቅን ባህርያቱ እንዳዓበየ ይኸይድ ማለት ኢዩ። ከምዚ ዓይነት ተርእዮ "ስርቂስክለሮሲስ" እንዳተባህለ ይጽዋዕ። ኣብ ቅድሚ ሕጊ ከም ኣማቲ መርትዖ (circumstantial evidence)ኮይኑ'ውን ክቐርብ ይካኣል። ስለዝኮነ፡ እቲ ገንዘብ ሰልፊ ብሓልፍነት ተረኪቡ ከብቅዕ ኢቲ ገንዘብ ኣብ ማዓላ ሰልፊ ዘየውዓለ ኣባል ተሓታቲ ጥራሕ ዘኾነስ፡ ***ብዓንቀጽ 4.5.5*** ቅዋም ሰልፊ መሰረት ካብ ሰልፊ ክሰናበት ነይሩዎ። መርሕነት ሰልፊ እዚ ዘይምግባሩ፡ ቅዋም ሰልፊ ዝግህስ ጥሕሰት ገይሩ ጥራሕ ዘይኮነስ ንመንፈስን ትሕዝቶን ነቲ ብመርማሪት ኮሚቴ ዝቐረበ ሪፖርታጅ ዝጻረር ውሳነ ኢዩ'ውን ወሲዱ። እቲ ዘገርምን ዘሰደምምን ካኣ፡ ከምቲ ኣቦው ዝብልዎ "ዘበነ ግርምቢጥሲ ማይ ንዓቐብ" ኮይኑ ሕጂ እቲ ብገንዘብ ሰልፊ ምጥፍፋእ ተኸሲሱ ካብ ሰልፊ ክሰናበት ዝግቦኦ ዝነበረ ኣባል፡ ብዘይ ሕጊ ንኣባላት ካብ ሰልፊ ናይ ምስጓግ ውዲታት ዋና ሃንዳስን ኣሳሳዪን ምኻኑን ኢዩ። ሓደ ኣባል ጨንፈር ኣዲስ ኣባባ ዝነበረ ሰብ ግዳይ ናይዚ ውዲታት እዚን መማሳመሲ (escape goat) ናይቲ ጠፊኡ ዝተበህለ ገንዘብ ተገይሩ ከብ ሰልፊ ከምዝተሰገ ምዝካሩ ኣገዳሲ ኢዩ። **ካብዚ ሓሊፉ፡ ንኸምዚ ዓይነት ተርእዮ ምርዓምን ምትብባዕን ኣካል ናይቲ ተርእዮ ካብ ምኻን ሓሊፉ ካልእ ክባሃል ኣይካኣልን።**
2. ***መሪሕነት ሰልፊ ዝገበሮ ላዓቱ ዝሳሓተ ኣታኣላልያ ኢቲ ጉዳይ፦*** መጀመሪያ ብዛዕባ ኢዚ ኣብ ኣዲስ ኣባባ ጠፊኡ ዝባሃል ገንዘብ ዝኾነ ይኩን ሓበሬታ ንኣባላት/መሰረታት ብወግዒ ዝተነግረ ሓበሬታ ኣይነበረን የልቦን'ውን። ክንድዚ ዝኣክል ገንዘብ (ልዕሊ 90 ሽሕ ብር ኢትዮጵያ) ኣበይ ከምዝኣተወ ዘይተፈልጠ ከንሱ፡ ንኣባላት ሰልፊ ንምንታይ ዘይተሓበር? እዙይከ ግልጹነት ድዩ? እዚ ጉዳይ እዚ ካኣ ሓደ ካብቶም ዓበይቲ ሕቶታት ዘልዓለን ጸገም ዝፈጠረን ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን። ንኣብነት፡እቲ ገንዘብ ከምዝጠፍአ መሪሕነት ሰልፊ መረጋገጺ/ጭብጥታት(hard evidence) የብሉን። እቲ ሒዝዎ ዝነበረ ሰብ/ኣካል ገንዘብ ጠፊኡኒ ስለዝበል ጥራሕ፡ ገንዘብ ጠፊኡ ኢልካ ምውሳን ሕጋዊ ትካላዊ ኣሰራርሓ ኣይኮነን፡፡ ብተወስኺ፡ ክንድዙይ ዝኣክል ዓቢ ጉዳይ እንዳሃለወን፡ ብሰንኪ ብዛዕቡኡ ንኣባልት ሰልፊ ኣብ ግዚኡ ዘይምሕባርን፡ እቲ ዝመልከቶ ኣካል/ሰብ ኣብ ካላኣይ ጉባኤ ሰልፊ ናብ ምርጫ ቀሪቡስ ክምረጽ'ውን በቒዑ። እዚኸ ከም ሓበሬት ሓቢእካ ሰብ ከምዝምረጽ ምግባር ዶ ኣይቑጸርን? ግልጹነት ዝጎደሎ ኣሰራርሓ ዶ ኣኮነን? ከም ፖሊቲካዊ ኮራፕሽን ዶ ከ ኣይቑጸርን? ኣብዚ ክስተባሃል ዘሎው ሓቂ ኣሎ። ንሱ ካኣ "ኮራፕሽን"(corruption) ምስ ገንዘብ ጥራሕ ዝተኣሳሰር ዘይኮነስ፡ ዝተፈላለይ ዓይነት (ፖሊቲካዊ፡ ምምህዳራዊ፡ ሞያዊ፡ ወ.ዘ.ተ.) ኮራፕሽን ከምዘሎ ምግንዛብ ከምዘድሊ ኢዩ። ብዙሕ ጊዜ፡ ብዛዕባ ብልሽውና (ኮራፕሽን) ኣብ ሰልፍና ኣሎ ዝብል ወስታታት ክላዓል ከሎ፡ ጥር ኢልካ "መራሕትና ዶ ገንዘብ ይወስዱ/ይሰርቁ እዮም" እንዳተባህለ ነቲ ዋስታታት ዘይመልክዑ ዘትሕዝ ግብረ መልስታት ናይ ማሃብ ዝምባሌታት/ልምድታት ጸኒሑን ኣሎን። ከምዚ ዓይነት ዘምባዕ ኣተሓሕዛን ኣረዳድኣን ካኣ ኣብ ሰልፊ ዘይምርድዳእ ክፈጥር ጸኒሑን ኣሎን።
3. ካብኡ ሓሊፉ፡ እቲ ብገንዘብ ምጥፋእ ክሕተትን ካብ ሰልፊ ክሰናበትን ዝግብኦ ዝነበረ ሰብ/ኣካል ኣባል ማባ ኮይኑ ክምዝምረጽ ተገይሩ ጥራሕ ዘኮነስ፡ ኣባል ፈጻሚት ኣካል/ኮሚቴ ኮይኑ'ውን ተመዚዙ። እዚ ባእታ ኢዚ ዝሕተተሉ

ዓብዪ ጉዳይ ስለዘለዎ፡ ናብ ዝላዓለ ሰልፋዊ ሓላፍነት ክመጽእ የብሉን ኢሎም ንዝተቓወሙ ኣባላት ማባ ናይ ምንጻልን ምጽላምን ወፈራታት ተኻይዱ፡ ኣብ መጨረሻ'ውን ማባ ነቲ ብትሪ ዝተቓወመ ኣባል ካብ ሰልፊ ናይ ምውንዛፍ ዘይሕጋውን ዘይቅዋማውን ውሳነ ወሲዱ።

ከምዚ ኣብ ላዕሊ ካብ(1) ክሳብ (3) ተዘርዚሩ ዘሎ ኣሰራርሓ፡ ካብ ብልሽውና ዘተባብዕ ኣሰራርሓ ኢዩ እልካ ምስማዩ ሓሊፍካ እንታይ ክባሃል ይካኣል? ካብዚ ተበጊስካ፡ መሪሕነት ሰልፊ "ብልሻውና ኣተባብዑ" (ኮራፕትድ ኮይኑ) እንተበልካ ከም ጸርፊ ዲዩ ዝቑጸር? ወይ'ውን ንክብሪ ሰልፊ ዝሃሲ መርገጺ ከምዝወሰድካ ዲዩ ዝቑጸር? ንምኻኑ፡ ጸርፊ (insult) ኣብ ሰዲህኤ ብኸመይ ኢዩ ዝግለጽ? ሕጋዊ ኣጠቓቕማ ስለዘለዎ፡ ጸርፊ እንታይ ምኻኑ ብንጹር ኣብ ቅዋም ሰልፊ ክሰፍር ኣለዎ። ኣብ ሞንጎ ጸርፊን (insult) ወቐሳን (criticism) ርእቶን (suggestion) ምዕዶን (advice) ዘሎ ወሰናስን (boundaries) ብኸመይ ኣብ ሰልፊ ይግለጽን ይውሰንን? ከከም ጥሙሕካ ክትርጎም እንተኾይኑ፡ ሳዕቤኑ ኢዚ ኣብ ሰልፊ ዝረአ ዘሎ ሓርጎጽጎጽ ጥራሕ ኢዩ። ንኣብነት፡ ኣባላት ማባ ስለምንታይ ንሓው መስፍን ሓጎስ ንኸውንዘፍ ወስንኩም ተባሂሎም እንተተሓቱ፡ ብዙሓት ካብኣቶም መስፍን "ኮራፕትድ ኢኹም" ኢሉ ጸሪፉና፣ "ዓሳ ብርእሱ ኢዩ ክጨኑ/ክምሽምሽ ዝጅምር" ኢሉና ኢዮም ዝብሉ። ኣብ ቅዋም ሰልፊ ጸርፊ ብከመይ ከምዝግለጽ ዝድንግግ ሕጊ ይኩን፡ ንመሪሕነት ሰልፊ ጸርፊ ጸርፍካ ተብሂሉ ካብ ሰልፊ ዘሰጉግ ሕጊ የልቦን። ስለዝኾነ፡ ዋላ'ውን ኢዚ ከምጸርፊ እስከ ንቑጸሮ እንተበልና፡ ሓው መስፍን ሓጎስ ዝጣሓሶ ዓንቀጽ ቅዋም ሰልፊ የልቦን። ከምቲ ኣቦው ዝብልዎ ***"ንጸልኦም'ም ሕጊ ግን ኣይንነፍጎምን/ኣይንኸልኦምን"*** ስለዝኾነ፡ ኣባላት ማባ ዋላኳ ንሓው መስፍን ይስልእዎ'ምበር፡ ቅዋም ሰልፊ ብምጥሓስ ንኸውንዝፍዎ ምውሳኖም ካብ ንነብሶም "ርእሲ ሕጊ" ገይሮም ምቑጻር ካልእ ትርጉም ክዋሃቦ ኣይካኣልን።

እታ ብቐጻሊ ትደጋገምን ኣባላት ማባ ከናፍሮም ዝነኽሱላን እታ ዘይትርጉማ ዘለበሱዋ **"ዓሳ ብርእሱ ኢዩ ክጨኑ/ክምሽምሽ ዝጅምር"** ትብል ኣብ ብዙሓት ሃገራት ካብ ኣማኢት ወይውን ኣሻሓት ዓመታት ኣትሒዛ ትዝውተር ብሂል ኢያ። እዛ ብሂል ኢዚኣ ቃል ብቃል ትርጉም (literal meaning) ዘይኮንስ ምሳለኣዊ/ውስጠዘኣዊ ትርጉም (metaphorical meaning) ኢዩ ዘለዋ። ብኸምኡ ኢያ ካኣ ኣብ ጠቕሚ ትውዕል። እዚ ማለት ካኣ፡ መሪሕነት ሰልፊ/ውድብ ንኣባላት ሰልፊ/ውድብ ከም "ርእሲ እቲ ዓሳ" ኢዩ። እቲ ብሂል መዛሕትኡ ጊዜ ንዓበይቲ ውድባት/ሰልፍታት ዝምልከት ኮይኑ፡ እንድሕርዳኣ ኢቲ ውድብ/ሰልፊ ደኺሙ/ከሲሩ/ወዲቑ ብሓልፍነት ዝሕተት ኢቲ መሪሕነት ኢዩ ዝብል ትርጉም ይሕዝ። እንተዘይኮነ፡ ዓሳ ብርእሱ ዘይኮንስ ብማዓንጥኡ (ብዓምዑቱ) ኢዩ ክምሽምሽን/ክጨኑ ዝጅምር። ስለዝኮነ፡ ሓው መስፍን ሓጎስ ነዚ ብሂል ምጥቃሙ፡ ብውድቀትን ፍሽለትን ሰዲህኤ ተሓታቲ መሪሕነት (ማባ) ሰልፊ ምኻኑ ንምእማትን ንምሕባርን ዝዓለመ ኢዩ። እዚ ካኣ ቁብልን ንብርን ኣባሃህላ ኢዩ። ናይ ኣባላት ደርጃ ርድኢት ብምምዝማዝ ቃል ብቃል ትርጉም (literal meaning) እንዳሃብካ ብገለገለ ኣባላት ማባ ከም መረሳሰኒ ስሚዒታት ኣባላት/መሰረታት ክጥቀምሉ ምፍታኖም ግን ከም ምፍጻም በደል ጥራሕ ዘይኮነስ ውንጀል'ውን ኢዩ።

ሰዲህኤ ኣብ ተኣፋፊ ጊዜን ኩነታትን ምህላዉ ኣሻቓሊ እኳ እንተኾነ፡ እቲ ዝከፍአ ግን መሪሕነት ሰልፊ ነዚ ሓቂ ወይ ኩነት (reality) እዚ ክኽሕዶ ምፍታኑ ኢዩ። As Peter Drucker once said "A time of turbulence is a dangerous time, but its greatest danger is a temptation to deny reality"። ስለዝኮነ፡ ማባ ነቲ ዝወሰዶ ውሳነ ብምስሓብ፡ ኣብ ሰልፊ ንቡር እሂን-ሚሂን ዝፈጥር ሃዋሁ ንክመጽእ ክጽዕት ኣለዎ። ***ሕጂ እቲ እንኮ ኣማራጺ፡ ንኹሉ ጸገማት ሰልፊ ኣለልዩን ፈቲሑን መፍቲሒታት ክናደየሉ ዘኽእል "ህጹጽ ሰልፋዊ ዋዕላ" ምጽዋዕን ምክያድን ኢዩ።*** ደጋግምና ከነስምረሉ ዘለና፡ ተጋግየ እልካ ገይጋካ ምእራም ምልከት ብስለትን ልቦናን እምበር ምልክት ስንፍና ወይ'ውን ሽንፈት ኣይኮነን። ሓደ ሓድ ግዜ ናይ "ሓበን ወይ ናይ ኩርዓት/ክብሪ" ስምዒትካ ምውሓጥ(swallowing your pride) ልቦና ኢዩ ። ከምቲ፡ "መልኽዕ እምበር ውሕልነትሲ ካብ ጎረቤተይ ይልቀሓ" በለት ዝባሃል፡ ድልየት እንተሎ መገዲ ኣሎ'ሞ ልባና ንግበር። ልቦና'ውን ክጥረን ካብ ጎረቤት ክልቓሕን ይካኣል ኢዩ። ካብቲ ጸቢብ ባኮ ውጽእ ኢልና እስከ ምሕሳብ ንጀምርን ነዘውትርን (let's practice lateral thinking)።

### *ከምቲ ኣቦው ዝብልዎ፡ "ኣሕዋት ምስ ዚጻልኡ፡ እንታይ ዘየጥፍኡ" ኢዩ'ሞ እስከ ሓመኹሽቲ ኣይንንፈ።*

ሳልሳይ ክፋል

## *ደድሕሪ ዘረባ ምስዓብ ነገር፡ ደድሕሪ ኣመል ምኻድ ኣበር የስዕብ*

ከምቲ ለባማት ዓደቦ ዝብልዎ፡ ***”እንተዘይ ትንውንወኒስ መን ነጽደፈኒ ስለዝኾነ”***፡ መሰረታዊ መበገሲ ጸገማት ሰዲህኤ ምፍታሽ ኣገዳስን ክስገር ዘይግቦኦን ሰልፋዊ ዕማም ኢዩ። እቲ መሰረታዊ ሕቶ፡ ሕጂ’ውን ***“ልዕልና ሕጊ ዶስ ወይ ውሳነ መሪሕነት ቀዳምነት ኣለዎ”*** ዝብል ኮይኑ፡ እቲ ቀንዲ ትሕዝትኡ፡ መሪሕነት ሰልፊ ስለምንታይ ካብ ቅዋም ሰልፊ ዝድንግጎ ሕግታት ወጻኢ ውሳነታት ይውስንን የተግብርን ኣሎ ዝብል ኢዩ። ማባ ኣብ ሞንጎ ክልተ ጉባኤታት ዝላዓለ ስልጣን ስለዝኮነ፡ ንቅዋም ሰልፊ ዝጥሕስ ውሳነታት ክውስን መሰልን ስልጣንን የብሉን። ማባ ካኣ ሕጊ ኣይኮነን። ሕጂ፡ ማባ እዚ ተገበር እዚ ተስዓበ ኢልካ ምዝርዛር፡ ነቲ ዝባሃል ዘሎ ውሳነታት ማባ ሕጋውን ቅዋማውን ኣይገብሮን ኢዩ። ብተውሳኪ፡ ግርጭታት ብናይ “ረብሓታት ምግጫው” (conflict of interest) ዘለዎም ኣባላት ዝቖመት ኮሚቴ ገርካ ክትፈትሕ ምፍትን ነቲ ግርጭታት የጋድድ’ምበር ኣይፈትሖን ኢዩ። ብግብሪ ካኣ ንሱ ኢዩ ኮይኑ። ከመሰራርሓ ካኣ ኢሳይንሳውን ሻራውን ኢዩ።

ንሓው መስፍን ሓጎስ ካብ ሰልፊ ኣባልነቱ ናይ ምውንዛፍ (ብግብሪ ምስጓግ) ውሳነ ማባ ቅዋም ሰልፊ ዝጣሓሰን ዘይሕጋውን ምኻኑ ኣብዝሓለፉ ክልተ ጽሑፋት ብሰፊሑ ስለዝተገልጸ ሕጂ ምስላሱ ኣድላዪ ኣይኮነን። ዝያድ ክርዳእ ዝደሊ ኣባል እንተሎ፡ ተመሊሱ ነቶም ጽሑፋት ክውኸስ ይኽእል ኢዩ። ብተወሳኺ፡ መሪሕነት ሰልፊ ቅዋም ሰልፊ ብምጥሓስ ኣብ ዞባታት ዝቖመለን ኣካባቢታት ኣብ ርእሲ መርሕነት ዞባ “ወኪላት” ብምግባር ንመሰላት ዞባታት ዝግህስ ውሳነ ወሲዱ ኢዩ። ነዚ’ውን ንካልእ ጊዜ ገድፍና፡ ንሕጂ ክንዘረበሎም ዘደሊ ካለኦት ቅዋማዊ ጥሕሰታት ካብ ብዙሓት ነዞም ዝስዕቡ ክጥቐስ ይካኣል፡-

1. ንሓው መስፍን ሓጎስ ንመጓዓዝያን ንተለፎንን መሸፈኒ ዝኾና ዝዋሃበኦ ዝነበራ ቅሩብ መሻርፍ ከሕድግ ዘኽእል ዝኾነ ዓንቀጽ ቅዋም ሰልፊ የልቦን ጥራሕ ዘይኮነስ ማባ’ውን እንተኾነ ከምኡ ዓይነት ውሳነ ከምዝወሰነ ዘመልክት ኣብቲ ናብ ኣባላት ዝሰደዶ ዘዋሪ መልእክቲ የልቦን።፡ እቲ ውሳነ ዳኣ መን ወሰኖ? (**ጥብቆ ተመልከት**)። ኣቦ መንበር ሰልፊ ከምዚ ዓይነት ውሳነ ክውስን ዘፍቕድ ዝኾነ ዓይነት ዓንቀጽ ኣብ ቅዋም ሰልፊ’ውን የልቦን።
2. ንኣባልነቱ ካብ ሰልፊ ንዝተወንዘፈ ኣባል “*ንስኻ ካብ ሰልፊ ትሓቶ ምንም ዓይነት መሰላት የልቦን፡ ሰልፊ ካኣ ካባኻ ዝሓቶ ምንም ዓይነት ግደታታት የልቦን*” ዝብል ውሳነ ከወስን ዘኽል ዓንቀጽ ኣብ ቅዋም ሰልፊ ዘየልቦከንሱ፡ ሓው መስፍን ሓጎስ ግን ከምኡ ዓይነት ውሳነ ካብ ኣቦ መንበር ሰልፊ ተዋሂብዎ ኢዩ (**ጥብቆ ተመልከት**)። ብውሳነ ኣቦ መንበር ሰልፊ መሰረት፡ ሕጂ ሓው መስፍን ሓጎስ ምንም ዓይነት ሰልፋዊ ግደታት ይኹን መሰላት የብሉን።
3. ሓው መስፍን ሓጎስ ምንም ዓይነት ሰልፋዊ ግደታት የብልካን ስለዝተባህለ፡ ንዕኡ ኣብዝምልከቱ ጉዳያት ኣብ ህዝቢ ወጺኡ ነብሱ ክኸላኸል ነጻ ኢዩ። ሕጂ ሓው መስፍን ሓጎስ ስለምንታይ ናብ ህዝቢ ወጺኡ ኢልካ ምኽሳስ፡ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰሉ ከም ምግሃስ ኢዩ ዝቑጸር። እዚ ካኣ ንቅዋምን ንመሰረታዊ መትከላት ሰዲህኤ ዝጥሓስ ወስታ ኢዩ።

ንሕጊ ብምጥሓስ ዝተፈጸመ ገይጋ፡ ሕጊ ብምግባር ጥራሕ እምበር ደድሕሪ ዘረባ ብምኻድ ኣይእረምን ኢዩ። “እንካ ሰላምትያ” ብዝዓይነቱ፡ ደድሕሪ ዘረባታት ምሳዓብ (ብሕልፊ ሓላፍነትን ግደታታትን ብዘለዎ መራሒ) ነገር እምበር ሰላም ኣይፈጥርን ኢዩ። ከምቲ ኣቦው ዝብልዎ፡ “ለባማት እንክባኣሱ ምስጢሮም ነይንስንሱ” እንተዝኸውን ከ። ኣብቲ ትሕዝቶ ናይቲ ኣብ ናይ ህዝቢ ናይ መድያ ማዕከናት ዝተዘርገሐ መልስን ግብረ-መልስን ምዝራብ፣ ደድሕሪ ዘረባ ምስዓብ ከይኮውን እስከ ንግደፎ። ሓደ መልሲ ዘድልዮ ሕቶ ግን “ ኣቦ መንበር ሰልፊ ስለምንታይ ንሓደ ባዕሉ ‘ሰልፊ ዝሓተካ ግደታታት የለን’ ንዝበሎ ዝተውንዘፈ ኣባል ተዛሪቡ ኢሉ ብዘይ ውሳነ ማባ ይኩን ፈሽ ክምልሰሉ ወሲኑ?” ዝብል ኢዩ። እዚ ሕቶ ኢዚ ዘይሩ ዘይሩ ናብቲ “ኣብ ሰዲህኤ ናይ ርእቶ ፍልልያት ብኸመይ ይውገኑ” ዝብል መሰረታውን ክሳብ ሕጂ ጉብእ መዕለቢ ዘይረኸበን ክሳዳዊ ጉዳይ ኢዩ ዝወስደና።

ከምዝፍለጥ፡ እቲ ዓንደ-ሕቖን ቐንዲ መለለዪ ሕላገት ሓድነት ሰዲህኤ እቲ ናይ ክልተ ድሕረ-ባይታ ዝነበሮም ሓይልታት (ህ.ግ.ን ተ.ሓ.ኤ.ን) ዝገበርዎ ሓድነታዊ ኪዳን ኢዩ። መስርሕ ሓድነት ጐዕዞ እምበር ናይ ሓደ ጊዜ ወይ ናይ ሓደ ህሞት ፍጻሜ ስለዘይኮነ፡ መስርሕ ሓድነት ሰልፍና ብቐጻሊ ክኹስኮስን ሕድህዳዊ ምትእምማን ክምገብን ምተገቦአ። ሓድነት ሰልፊ ክናበ ነይርዎ። ብግብሪ ግን ንሓድነት ሰልፊ ዝብሕጉጉን ዘዳኽሙን ወስታትትን ኣካይዳታትን ኢዮም ክዝውተሩ ጸኒሖም። ኣብ ጐዕዞ፡ ናይ ሓሳባት/ርእቶታት ፍልልያት ክፍጠሩን ክራኣዩን ባህርያውን ንቡሩን ኢዩ። ናይ ሓሳባት/ርእቶታት ፍልልያት ከም ሰልፊ ***“የዕብረካ ዶስ የህጥረካ”*** ዝውስኖ፥ኣብቲ እትወስዶ ናይ ግርጭታት ኣፈታትሓ ኣገባባት ኢዩ ዝምርኮስ።

ስለምንታይ ሰልፍና ዓቢሩ ወይ ይዓብር ኣሎ ብትኽክል ንምፍላጥን፡ ፈሊጥና'ውን መታን መፍቲሒታት ከነናድየሉ፡ ኣፍታትሓ ግርጭታት ኣብ ሰዲህኤ ከመይ ከምዝመስል ብዕምቆት ምፍታሽ ከድልየና ኢዩ።

ናይ ሓሳብ ፍልልይን ሓሳብካ ብነጻ ናይ ምግላጽን መሰላት ብቅዋም ሰልፊ ውሑስ ክንሱ፡ ብሰንኪ ብኹረት ብሱል ኣመሓሓድራ ፍልልያት፡ ዋላ ናኣሽቱ ፍልልያት ከይተረፉ ናብ ረጽሚታትን ግርጭታትን ከምርሑ ምርኣይ ኣብ ሰዲህኤ ዳርጋ ንቡር ኮይኑ ኣሎ። ስለምንታይ?

***ዝተፈልየ ሓሳብ/ርእቶ ከም ተጻይ ሓሳብ/ርእቶ ምቑጻር (The culture of blackmailing):-*** ዝኾነ ኣባል ዝተፈልየ ርእቶ ናይ ምህላውን ርእትኡ ብነጻ ናይ ምግላጽን ዲሞክራስያዊ መሰላቱ ምሏኡ ኣብ ክንዲ ተቐብልካ ነቲ ፍልልያት ንምትዕራቕ ዘኽእል ናይ ሕድሕዳዊ እሂን-ሚሂን ባይታ ትፈጥር፡ ብኣንጻሩ ነቲ ናይ ርእቶ ፍልልይ ከም ተጻይ ተቐጺሩ፡ ኣብ ርእሲ ነቲ ዝተፈልየ ርእቶ ዘቕረበ ኣባል ናይ ምህዳድ (blackmailing)፣ ምክፋእን ምጽላምን (maligning)፣ ምንዋርን ጠቀነን (denigrating)፣ ምንጻልን (marginalizing) ወፈራታት ብቕሉዕን ብስውርን ይካየድ። ከምዚ ዓይነት ባህሊ(culture) ኣብ ኩሉ ጸፍሒ ሰልፊ እኳ እንተሃለወ፡ እቲ ቀንዲ ሃሳዪ ግን እቲ ኣብ ላዕለዋይ ጽፍሒ ሰልፊ ዝዝውተር ኢዩ። ንኣብነት ንምጥቃስ ዝኣክል:-

(ሀ) ካልኣይ ጉባኤ ሰልፊ ኣበይን ብኸመይን ይካየድ ኣብ ዝብል ክትዓት፡ ኣብ ናይ ፓልቶክ ኣኬብኡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ንካብ ናቱ ሓሳባት ዝተፈልየ ሓሳባት ከቕርቡ ዝፈተኑ ኣባላት ናይ ምህዳድ (blackmailing)፣ ምክፋእን ምጽላምን (maligning)፣ ምንዋርን ጠቀነን (denigrating) ፈተናታት ገይሩ፡፡ ኢዚ ዓይነት ወፈራታት ቅድምን ድሕርን ምግባእ 2ይ ጉባኤ ሰልፊ'ውን ዶው ኣይበለን። ኣብዝኣ ከይተጠቕሰት ክትሓልፍ ዘይብላ፡ እታ ንጉዳይት ኣጽኒዓ ናይ መፍትሒ ሓሳባት ከተቕርብ ተባሂላ ቅድሚ 2ይ ጉባኤ ዝቘመት ኮሚቴ፡ ክሳብ ሕጂ ጨናኣኳ ኣበይ ከምዘሎ ኣይፍለጥን። መሪሕነት ሰልፊ ስለምንታይ ስራሓ ከምትሰርሕ ዘይገበረ፡ መልሲ ዘይተረኽቦ ሕቶ ኮይኑ ተሪፉ ኣሎ። ሰልፍና ኣብዚ ሕጂ ዘላቶ ኩነታት ንኽትበጽሕ ካብ ዝገበሩ ቀንዲ ረቛሒታት ሓደ፡ እዛ ኮሚቴ ስራሓ ከምዘይትሰርሕ ስለዝተገብረ ኢዩ። ቅርሕንትታት ክሳብ ዝኸሕኑን ግርጭታት ክሳብ ኣብ ዝላዓለ ጥርዚ ዝበጽሑ ምጽባይን ጣውቁኡ ምድኻምን ምብትታንን ሰልፋዊ ሓድነት ጥራሕ ኢዩ። ነዚ ብቐዳምነት ተሓታቲ ካኣ መሪሕነት ሰልፊ ኢዩ።

(ለ) ንሓው መስፍን ሓጎስ ኣባልነት ካብ ሰልፊ ምውንዛፍ ኣመልኪቱ መግለጺ ንማሃብ ኣብ ዝተወደበ ናይ ፓልቶክ ኣኬባ፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ይኩን ካለኦት ላዕለዎት ሓለፍቲ ዝሃብዎ ቑጠዐ ዝመልኦን ዳርጋ ናይ ሕነ-ምፍዳይ ዝዓይነቱ፡ ስሚዒታዊ ርእቶታት ኣብ ናይ ምህዳድን (blackmailing)፣ ምክፋእን ምጽላምን (maligning)፣ ምንዋርን ጠቀነን (denigrating)፣ ምንጻልን (marginalizing) ስትራተጂ ዝተመርኮሰ ኢዩ ነይሩ። እዚ ኣገባብ እዚ፡ ዝኮነ ይዕበ ይንኣስ ናይ ርእቶ/ሓሳብ ፍልልያት ኣብ ኣብዘጋጥመሉ ጊዜ፡ ምንጽጻግ ኣብ ሞንጎ ኣባላት ሰልፊ ከም ንቡር ባህልን ኣካይዳን ኮይኑ ንኽምዕብል ደሪኹ፡፡ ከምኡ ስለዝኾነ ኢዩ ካኣ ኣብ ክንዲ ርትዓዊ ሕቶ ምቕራብ (ናትኩምስ ሰሚዕና፡ መስፍን ከ እንታይ ኢዩ ዝብል?)፡ ነቲ ውሳነ ማባ ዝደገፉ ኣባላት ብቐጥታ ***"መስፍን እንታይ ዶ ገይሩልና ኢዩ፣ መስፍን እንታይ ዶ ዝገብሮ ነገር ኣሎ ኢዩ፣ መስፍን ካራ የእትውልና፡ መስፍን ንምት ክፍረድ ነይሩዎ፡ መስፍን ዝመርሖ ውሽጣዊ ኣካል ኣሎ፡ ብሰንኪ መስፍን መናእሰይ ኣይታሓወሱናን፡ ምስ መሰፊን ዝመርሖ ዝነበረ ውድብ ምስማርና ጎዲኡና፡ ወ.ዘ.ተ."*** ዝብሉ ዘይተወደኑ ክስታትን፡ ታህዲዳት፣ ጸለመታት፣ ጠቐነታት በብታራ ናብ ምዝናብ ዝኣተዉ። ከምዚ ዓይነት ባህሊ ካኣ ኣብ ክንዲ ናይ ሰላምን ናይ ምርድዳእን መንፈስ ዝፈጥር፡ ኣባላት ኣብ ስሚዒት ኣእትዩ ነንሕዶም ዝጋጨውሉ ባይታን ኩነታትን ብምፍጣር ኣብ ሞንጎ ኣባላት ሕድሕዳዊ ምጥርጣራት ከምዝሰፍን ገይሩ። ነዚ'ውን መሪሕነት ሰልፊ ኢዩ ተሓታቲ። ኣብ ኣገባብን ኣካይዳን ናይ ፓልቶክ ኣኬባ እንተመጺና፡ ካብ መሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ክንማሃሮ ንኽእል ተመኩሮን ጥበብን ኣሎ'ም መሪሕነት ሰልፊ ሃሰስ እንተበሎ ሕማቕ ኣይኮነን።

(ሐ) ሓደ ኣካል ናይዚ ናይ ምንጽጻግ ባህሊ መግለጺ፡ እታ ብዙሕ ጊዜ እትደጋገም ***"ኣብ ክንዲ እንታይ ተባህለ መን በለ"*** ትብል ሕቶ ብምቕዳም ካብ ናትካ ዝተፈለየ ርእቶ/ሓሳብ ንዘለዎም ኣባላት ኣብ ክንዲ ብትሕዝቶ ርእቶኦም/ሓሳባቶም፡ ብመንነቶምን ድሕረ-ባይቶምን ክትመዝኖም ምፍታን ትግበር ነጻኒትን ኣግላሊትን ወስታ ኢያ። እዚ ብመሰረቱ፡ ኣብ "***ንሕናን ንሳቶምን" ዝብል ናይ ምጉጅጃል መትከል ዝተመረኮሰ በታኒ ባህሊ ኢዩ*።**፣ታርኻዊ ኣመጻጽኣ ሰዲህኤ ኣብ ግምት ብምእታው፡ እዚ "ንሕናን ንሳቶምን" ዝብል ምክፍፋል፡ ተሓ'ኤን ህግን፣ ሰውራዊ ባይቶን ሰልፊ ዲሞክራስን፣ ነባራትን ሓደስትን፣ ወ.ዘ.ተ. መልክዓት ናይ ማሓዝ ተኽእልኡ ዝላዓለ ኢዩ። እዚ ከምዚ ዓይነት ዝተደራረበ ዝምድናታት፡ ዘይወዓዊ

ርክባት ኣብ መንጎ ኣባላት ሰልፊ ዝሓየለ ስለዝገበሮ፡ ወግዓዊ ሓበሬታት ብግብእ ንኸይዝርግሑ ብምግባር፡ ኣብ መንጎ ኣባላት ሰልፊ ዘይተደልየ ምጥርጣራትን ዘይምትእምማንን ክፈጥር ጸኒሑን ኣሎን። ገለ ዘድልያ ሓበረታ ኣብዘድልያ ጊዜ ስለትረክብ፡ ንባዕላ ከም ዋናን ወዲ ማእከልን፡ ነቲ ካልእ ካኣ ከም ጓናን ወዲ ወሰንን ትቖጽሮ። እዚ ናይ ምቹእ ዞና ቀጽራታት ብምፍጣር ሕድሕዳዊ ምትእምማን ኣብ ሞንጎ ኣባላት ሰልፊ የላሕልሕ ጥራሕ ዘኮነስ፡ ***ዓንቀጽ 4.3.2*** ቅዋም ሰልፊ ዝጥሕስ'ውን ኢዩ።

እዚ ናይ ምቹእ ዞና ፖሊቲካ (comfort zone politics) ሓደ ካብቶም ቀንዲ ንሓድነት ሰዲህኤ ክፈታተንዎ ዝጸንሑ ብድሆታት ኢዩ። ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ (EPP) ብ2008 ክምሰረት ከሎ ኩሉ ኣባል (ኣባል ሰውራዊ ባይቶ ይንበር ኣይንበር) ከም ውልቀ-ኣባል ኮይኑ ከምዘይተጸምበረን ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራን (EPP) ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን (EDP) ካሎኦትን ኮይኖም ኣብ 2010 ሰዲህኤ ክምዘየቘሙን፡ ገና ክሳብ ሕጂ ሰዲህኤ መቐጸልታ ሰውራዊ ባይቶ ገይሮም ክቖጽርዋ ዝደልዩ ኣባልት ኣለዉ። ካብ ከምዚ ዓይነት ኣትሓሳስባታት ዝምንጭዉ ኣሉታዊ ወስታት፡ "***ኣበይ ዝነበሩ ኢዮም፣ ንሕና ተቃልስና ዘጽናሕናሎም፣ ናብ ህግድፍ ዘይከዱ፣ ወ.ዘ.ተ***. ዝብሉ ይርከብዎም። ናይ ሓድነት ማዕረ መሻርኽትታት ምዃኖም ተሪፉ፡ ንሳቶም ከም ደቂ ገዛ እቲ ካልእ ሸንኽ ካኣ ከም ናብ ገዘኦም ዝመጾም ገይሮም ኢዮም ዝጥምትዎ። ነቶም ካለኦት፡ ኣብዘይ ገዘኦም ስለዝመጹ ካኣ መሰል ከምዘይብሎም ገይሮም ይቖጽርዎ። በጣማምታት እዞም ከምዚኦም ዓይነት ኣባለት (ደቂ ገዛ)፡ ዝኮነ ኣባል ካብ መሪሕነት ሰልፊ ዝብሎ ወጻኢ ርእቶ ይኹን ሓሳብ እንተኣቕሪቡ፡ ርእትኡ ከም ተጻይ ንሱ ካኣ ከም ኣንጻር መሪሕነት ተቐጺሩ ካብ ሰልፊ ከምዝስጎግ ምግባር ሓላል ኢዩ።

ጉዳይ ሓው መስፍን ሓጎስ ካብዚ ዝተፈልየ ኣይኮነን። ናብ ብዙሕ ትንታነ ከይከድና እስከ ነዛ ትስዕብ ኣባሃህላ ከም ኣብነት ንርአ፡ "**--- ካብኡ [ካብ መስፍን ሓጎስ] እንጽበዮ ኸኣ ሰልፍናን ሕግናን ኣኽቢሩ ክኸይድን እቲ ካብኡ ንጽበዮ ዓቕሚታቱ ብግብሪ ክርእየና እዩ።"** እዚኣ እታ ክርሰ-ነገርን (gist) ነቲ ኹሉ ኣትሓሳስባታት ናይቶም ንውሳነ ማባ ዝደገፉ ኣባላት ቑልጭ ኣብላ ተርኢ ዘረባ ኢያ። ሓው መስፍን ሓጎስ ኣብ ገዘኦም ከምዝመጾም ስለዝቆጽርዎ፡ ***ሰልፎምን ሕጎምን*** ክኽብረሎም፡ ***ትጽቢታቶም*** ካኣ ከማልእ ኣለዎ። እንተዘይኾነ ከምታ ዝረኸበቶ ትረክቦ ኢዩ ነገሩ። ኣይትብከ እንድዩ ዘብከየኒ ከምዝባሃል፡ ሓው መስፍን ሓጎስ ኣብ ቅዋም ሰዲህኤ ዝተደንገገ ሕጊ ስለዝጣሓሰ ወይ'ውን ንሰዲህኤ ስለዘየኽበረ ዘይኮነስ፡ ***ናይዞም ደቂ ገዛ ኢና ዝብሉ ድልየትን ትጽቢታትን ስለዘይማለአ ኢዩ።***

በተሓሳስኦም፡ ሓው መስፍን ናብ ቤቶም ከምዝመጸ እሞ ንመሪሕነት ሰልፊ ክሓትት ይኹን ዝተፈልየ ሓሳብ ከቕርብን ክውንን መሰል ከምዘይብሉ ተገይሩ ኢዩ ተወሲዱ። ስለዝኾነ'ውን፡ ቅዋማዊ መሰሉ ተጠቒሙ ዝተፈልየ ሓሳባት፣ ሕቶን መአረምታን ስለዘቕረበ ኣባልነቱ ካብ ሰልፊ ብንቅዋም ሰልፊ ዝጥሕስ ውሳነ ማባ ከምዝውንዘፍ (ብግብሪ ከምዝሰጎግ) ተገይሩ። ሓው መስፍን ሓጎስ ድሕረ-ባይትኡ ህግ ምዃን እንተዘይኾይኑ፡ ካልእ ኣበሳ  የብሉን።

እቲ ዝገርም፡ እቶም ዝተረፍና ካለኦት ከ እንታይ ሰርሕና ወይ ንሰርሕ ኣለና ተብሂሉ ከይተሓተ፡ ሓው መስፍን ሓጎስ ምስራሕ ኣብዪ እንዳተብህለ ይኽሰስ (ንሱ ድዩ ምስራሕ ኣብዪ ወይስ ከስርሖ ዘኽእል ባይታ ኢዩ ስኢኑ? ነዚ ከ መን ኢዩ ተሓታቲ?)። እቲ ሓቂ፡ ሓው መስፍን ሓጎስ፡ ቀደም (ሰራዊትን ህዝብን ዝፈትልጦ) ይኩን ሕጂ፡ ስርሑ ብጽፈት ዝፍጽምን ንዛሓዞ ስርሓት ከይፈጸመ ዘይገድፍን ብጣዕሚ ኣፍራዪ (very productive) መራሒ ኢዩ። ንኣብነት፡ ኢዚ ኩሉ ዶኮምታት (እንኮላይ ውሽጣዊ) ናይ ሰዲህኤ መን ኣርቂቕዎምን ኣጻፊፉ ንሰልፋዊ ማዓላታት ከምዝውዕሉ  ገይሩ ኢልኩም  ሕተቱ። ከምቲ ለባማት ዝብልዎ፡ ***"ዋላ እንተጻላእናዮም ፍትሒ ግን ኣይንነፍጎምን"*** ክኸውን ይግባእ።

ብተወሳኺ፡ እቶም ኣብ ጀብሃ (ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ሓላፍነት ከይተረፈ) ዝነበሩ፡ ኣበሳታት ናይ ጀብሃ እንታይ ከምዝነበረ ንኸውጽኡ (ክዛረቡ) ከይተሓቱ፡ ሓው መስፍን ሓጎስ ናይ ህግ ኣበሳታት ዘየውጻእካ (ዘተዛረብካ) እንድተብሕለ (ብላዕለዎት ሓለፍቲ ሰልፊ ከይተረፈ) ይኽሰስ። መስፍን ሓጎስ ብዛዕባ እቲ ስርዓት ዋላ ሓንቲ ዘይተዛረበ፡ ሕጂ ብዛዕባና ከመይ ገይሩ ይዛረብ ዝዓይነቱ፡ ካብቲ ኣብ ሻርዕ ክዝረብ ዝውዕል ብዘይፍለ መንገዲ ብላዕለዎት ሓለፍቲ ሰልፊ ኣብ ናይ ህዝቢ መድያ ይዝረብ። ደድሕሪ ዘረባ ምስዓብ እንታይ ኣድለየ? ብግደ ሓቂ ክንዛረብ እንትኾይና፡ ንሰልፍና ናብዚ ኩሉ ጸገማት ዝሸመማ፡ ናይ ፈሽ ወይ'ውን ናይ ገለ ኣባላታ ደድሕሪ ዘረባ ናይ ምኻድ ዝምባለ (reactive disposition) ዝፈጠሮ ኢዩ። እንተበዝሐ ግን፡ ነገር ኣጓዲኣ ትልኽም፡ ታኼላ ኣታዊኣ ተስጥም ዝብሃልውን ኣሎ ኢዩ። እንተ ነቶም ሓድነት ሰልፊ ክሕሎ ኣለዎ ዝብሉ ኣባላት፡ እዚ ኩሉ ብጀካ ምድኻምን ምብትታን ሰልፋዊ ሓድነት ካልእ ፋይዳ ከምዘይብሉ ተገንዚቦም ኣካሉ ክኾኑ ኣይመርጹን።

ካልእ ዘገርም ግን ካኣ ኣገዳሲ ኣጠማምታ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ሰልፍና ኣሎ። ***“ማእከላይ ባይቶ ሰዲህኤ ቅዋም ሰልፊ ዝጥሕስ ውሳነ ወሲዱ። እቲ ናይ ምውንዛፍ ውሳነ፡ ሕጋውነትን ቅዋማውነት ዝጎደሎ ውሳነ ኢዩ (ዓንቀጽ 3.8)። ማባ ልዕሊ ሕጊ ኮይኑ፡ ንሕጊ ሰልፊ ተማእዛዛይ ከኸውን ኣይካኣለን፡ ቅዋም ሰልፊ ጥሒሱ”*** ዝብል ምጉት ክቀርበሎም ከሎ፡ ገለ ኣባላት ሰልፊ (ሰውራዊ ባይቶ ነበር) ዝህብዎ ዘምባዕ ስነሞጎት ኢዩ። “***እም ማባ ወሲኑ ኢዩ፡ ውሳነይ ኣይቐይርን ካኣ ስለዝበለ፡ ነቲ ውሳነ ተቐቢልዎ”*** ይብሉ’ሞ፡ ኣይፋልን ከመይ ገርና ጉጉይ ውሳነ ንቕበል ዝብል መልሲ በቶም ነቲ ውሳነ ማባ ዝቃወሙ ኣባላት(ሰውራዊ ባይቶ ነበር) ምስተዋህቦም፡ “***እም ከመይ ገርኩም መቓልስትኹም (ሰውራዊ ባይቶ ማለቶም ኢዮም)ገድፍኩም ምስ ዘይትፈልጥዎም (ባዓል መሰፍን ማለቶም ኢዮም)ትኸዱ”*** ዝብል ዘገርምን ዘደንጹን ገብረ መልሲ ይህቡ። እዚ ናይ ምቹእ ዞና ፖሊቲካ (comfort zone politics) ኣብ ሰዲህኤ ማዕረ ክንደይ ሓያል ምኳኑ ዋላኳ ዝሕብር እንተኾነ፡ ከም ስነሞጎት ስዑሩን ፍሹሉን ኢዩ። ***ኣብዚ ጊዜ እዚ ንሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ገጢምዎ ዘሎ ብድሆ “ልዕልና ሕጊ ዶስ ወይ ውሳነ መሪሕነት ይቕድም ዝብል ክሳዳዊ ሕቶ ምንጻርን ምምላስን” ምዃኑ ኢዩ። እቲ ቀንድ ጉዳይ፣ ብዛዕባ “ሕጋውነትን ቅዋማውነትን” ውሳነ ማባ ዳኣ’ምበር ብዛዕባ ተ.ሓ.ኤ.ን ህ.ግ.ን ወይ’ውን ሰውራዊ ባይቶን ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራን፡ ወይ’ውን ብዛዕባ ነባራትን ሓደስትን ኣባልት ኣይኮነን።*** ኣበየናይ ወገን ትዓስል ወይ ነየናይ ምጉት ትድግፍ ዝውስኖ ካኣ ናይ መትከል ጉዳይ እምበር ናይ ድሕረ-ባይታ ወይ’ውን ናይ ታሪክ ሕቶታ ጉዳይ  ኣይኮነን ክኸውን’ውን ኣይግባእን።

ብመሰረቱ፡ ጉዳይ ሓድነት ሰልፊ ንቕድሚት እንዳኣቓመትካ’ምበር ብናይ ታሪኽ ሕቶታ ንድሕሪት እንዳጠመትካ ክዕቐብን ክሕሎን ኣይካኣልን። ታሪክ ክትማሃረሉ’ምበር **“ኣይተጽልል ኣይተዕቅል ኣጉዶ”** ሰርሕኻ ክትነብረሉ ምፍታንስ ኣይግድን። ሎሚ፡ ተ.ሓ.ኤ.፣ ህ.ግ.፣ ሰውራዊ ባይቶ፣ ሰልፊ ህዝቢ ኤርትራ፣ ሰልፊ ዲሞክራሲ ኤርትራ፡ ኩለን የለዋን። ታሪኽን ጥራሕ ኢዩ ዘሎ። ሎሚ ዘላ፡ ሰዲህኤ ጥራሕ ኢያ። ሰዲህኤ ናይ ብወለንታ ዝተጠርነፉ ኣባላት ሰልፊ ኢዩ ***(ዓንቀጽ 4.1.2)***። ብመሰረት ***ዓንቀጽ 4.3.2*** ቅዋም ሰልፊ፡ ኩሉ ኣባል ማዕረ መሰላት ኣብ ሰልፊ ኣለዎ። ስለዝኾነ ካኣ፡ ኩላህና ኣባላት ሰዲህኤ ማዕረ ኢና። ማዕር መሰላትን ጉብኣትን ካኣ ኣለና። ሓድነት ሰልፍና ናይ ምዕቃብ ይኹን ናይ ምኽልኻል ሓላፍነት ናይ  ኩላትና ኢዩ***(ዓንቀጽ 4.4.9)***።  *ሳኣን እልይ ነገር ገፍሐ፡ ሳኣን ስግር ውሕጅ በዝሐ ከምዝባሃል፡* ንሕጊ ብምጥሓስ ዝተፈጸመ ገይጋ፡ ሕጊ ብምግባር ጥራሕ ኢዩ ዝእረሞ እስከ ማባ ካብ ደው ዝበሎ እልይ ይበል ። ስለዝኮነ፡ ማባ ነቲ ዝወሰዶ ውሳነ ብምስሓብ፡ ኣብ ሰልፊ ንቡር እሂን-ሚሂን ዝፈጥር ሃዋሁ ንክመጽእ ክጽዕት ኣለዎ። ***ሕጂ እቲ እንኮ ኣማራጺ፡ ንኹሉ ጸገማት ሰልፊ ኣለልዩን ፈቲሹን መፍቲሒታት ክናደየሉ ዘኽእል “ሰልፋዊ ዋዕላ” ጊዜ ከይወሰደ ምጽዋዕን ምክያድን ኢዩ።*** ከምቲ ኣቦው ዝብልዎ፡ “ቀታሊ ሰብኣይኪ፡ ተቐታሊ ሓውኺ፡ ዘይሩ ዘይሩ ሓዘኑስ ናትኪ” ከይኮነና፡ እቲ ኣማራጽታት፡ “ዘይሕጋዊ ውሳነ ምቕባል ወይ ሓድነት ሰልፊ ምድኻም” ክኸውን የብሉን። እቲ ዝግባእን እቲ ተመራጽን “ ማባ ገይግኡ ብምእራምን  ነቲ ዝወሰዶ ውሳነ ብምስሓብን፡ ኣብ ሰልፊ ንቡር እሂን-ሚሂን ዝፈጥር ሃዋሁ ንክመጽእ ምጽዓት ኢዩ።

*ራባዓይ ክፋል*

## *ዋላ ሕጂ እንትኾነ’ውን ንውሽጣዊ ሰልፋዊ ሓድነት ከተሓለልና ብምጽዓት፡ ንቑልዒ-ሓድነት ነድሕን*

ሕማቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ፡ ሓደ ገጽታ ታሪኽና፡ ታሪኽ ቀጻሊ ምፍንጫልን ሕድሕዳዊ ፖሊቲካውን ኣካላውን ቕንጸላታት ኮይኑ ምጽንሑ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ሕጂውን እንትኾነ ብዝኸፍአ መልክዑን ብናህርን ይቕጽል ምህላዉ ኢዩ። ታሪኽና ከምዘነጽርናን፡ ብግብሪ ንዕዘቦ ከምዘለናን፡ ናይ ምፍንጫልን ምፍንጫላትን ኣጀንዳታት መራሕትን ኣተግበርትን፡ ***ናይ ፖሊቲካ መራሕቲ’ምበር ህዝቢ ይኹን መሰረታት ኮይኖም ኣይፈልጡን፡*** ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ እቲ መሰረታዊ ባእታ (መሰረታት) ካኣ ብፍላይ፡ ግዳያትን ተጠቃዕትን ናይ ቀጻሊ ምፍንጫላት ኮይኖም ጸኒሖምን ኣለዉን። ንመሰረታት ሰዲህኤ ሕጂ ዘንጸላልዎም ዘሎ ሓደጋ ከብዚ ዝተፈልየ ኣይኮነን። ኩላትና ከምንፈልጦ፡ ሰዲህኤ ውጺኢት ናይ ሓድነት ጕዕዞ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ነቲ ኣብ ፖሊቲካዊ ቃልሲ ኤርትራ ዝጸንሐ ቀጻሊ ምፍንጫላት ብምፍዋስ፡ ንሕጂን ንመጻእን ሓድነት ህዝቢ ኤርትራ ንምርግጋጽ ዓሊሙ ዝተሃንጸ ሰልፊ’ውን ኢዩ ነይሩ። ህዝቢ’ውን ብሉ መጠን ተስፋን ትጽቢትን ኣንቢሩሉ ጸኒሑ። ይኹንምበር፡ ተደጋጊሙ ከዝተገልጸ፡ ብሰንኪ ልቦና ዝንዶሎ ኣካይዳ መሪሕነት ሰልፊ፡ ውሽጣዊ ሓድነት ሰዲህኤ ከቢድ ሓደጋ ገጢምዎ ኣሎ። መሪሕነት ሰልፊ፡ ቅዋም ሰልፊ ብተደጋጋሚ ብምጥሓስ፡ ልዕልና-ሕጊ ብምግሃስን ንሓድነት ሰልፊ ዝፈታተኑ ውሳኔታት ወሲኑን ኣተግቢሩን ኢዩ። እቶም ዝተጣሕሱ ቅዋማዊ ዓንቀጻት ሓደ ብሓደ ኣብ ዝሓለፉ ጽሑፋት ስለዝተገልጹ: ሕጂ ምድጋሞም ዘድሊ ኣይመስለንን። ተመልስካ ነቶም ጽሑፋት ምውካስ’ውን ስለዝካኣል። ካብ ገይጋካ ምእማንን ገይጋካ ምምሃርን ዝዓቢ ልቦና ስልዘየልቦ፡ መሪሕነት ሰልፊ ልቦና ኣርእዩ ንዝፈጸሞም ቅዋማዊ ጥሕሰታት ክእርሞም ምተገበአ። ይኹን’ምበር፡ መሪሕነት ሰልፊ፡ ነቲ ጉዳይ ብጉብእ ኣብክንዲ ምሓዝ፡ ስምዒትን ስምዒታውነትን መሰረታት ምቑስቛስ መሪጹ። ሕጂ፡ብስምዒትን ስምዒታውነትን ዝፍታሕ ጉዳይ ስለዘየልቦ ፡ ካብቲ ቀንዲ ርእሰ ጉዳይ ከነልግስ ኣይግባእን። ኣብዝኾኑ ንውሽጣዊ ሓድነት ሰልፍና ዝምልኸቱ ክትዓት ኣብ ነካይደሉ ጊዜ ካብ ክስተባህለሎም ዝግባእ መሰረታውያን ነጥብታት፡ ካብ ብዙሓት፡ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፡-

***እቲ ቀንዲ ጉዳይ፡ ልዕልና-ሕጊ ብመሪሕነት ሰልፊ ተጣሒሱ ዝብል ኢዩ።***

1. እቲ ጉዳይ ቅድሚ 2ይ ጉባኤ ሰልፊ ዝጀመረ፡ ኣብ መሰረታዊ ኣተሓስባታት ፍልልይ ሰረት ዝገበረ ኢዩ። ሕቶ ውሽጣዊ ዲሞክራስን ምሕደርኡን፡ ሕቶ ምክፋፋልን ምትሕልላውን ስልጣን (Checks and Balances)፡ ሕቶ ናይ ወጻኢ ሓይሊ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ምትእታታውን (ተራ ኢትዮጵያ ኣብ ቃልሲ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ኤርትራ)፡ ሕቶ ናይ ታሪክ ሕቕታትን ኣተኣላልየኦምን፡ ሕቶ ዘምባዕ ዝርገሐን ምሕደራን ሓበሬታ፡ ሕቶ መሰልን ጉብኣትን ኣካላት ሰልፊ፡ ብቐንዱ ካኣ ሕቶ ምኽባር ልዕልና-ሕጊን ቅዋም ሰልፊን ካብቶም ዓበይቲ ፍልልያት ውሑዳት ጥራሕ ኢዮም። ነዚ ንምፍታሽን ናይ መእለዩ ሓሳባት ንምንዳይን ተባሂላ ቅድሚ 2ይ ጉባኤ ሰልፊ ዝቖመትን ጉባኤ’ውን ንኽትቕጽል ስልጣን ዝሃባ ኮሚቴ ነይራ ጥራሕ ዘይኮነስ ስራሓ ጀሚራ’ውን ነይራ። ናይ መሕተት ቅጥዕታት ኣዳልያ ሓበሬታት ኣብ ምእካብ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፣ ኣነ ንባዕለይ ነቶም ኣብቲ ቅጥዕታት ዝነበሩ ሕቶታት መልሲ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ 7 ዶኮመንትታት ኣርኪበ ነይረ። እዛ ኮሚቴ እዚኣ ኣበይ ኣተወት? ስራሓ ስለምንታይ ኣይሰርሐትን? እንታይ ኮነት? ወ.ዘ.ተ. ንዝብሉ ሕቶታት መልሲ የልቦን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብመደብ ክትሰርሕ ከምዘይተድልየ ዘመልኽቱ ወስታት ክቕልቐሉ ጀሚሮም ኣለዉ - እታ ኮሚቴ ብመስረቱ ኣይተድልን እኮ ኢያ ነይራ እንዳበለ መሪሕነት ሰልፊ ንዝፈጸሞ ገይጋታት ክሽፍን ኣብ ወፈራ ኣትዩ ኣሎ። “ካብ ቀዳማዩስ ካላኣዩ ገደደ” ከምዝባሃል ኢዩ ነገሩ። በዚ ዝታለል ደላይ ፍትሒ ግን ኣይክህሉን ኢዩ። ዳላይ ፍትሕን ሓድነትን፡ ዕርፍካ ኣጽንዕ።

2. ጉዳይ ሓው መስፍን ሳዕቤን እምበር ዋና መንቀሊ ምኽንያት ኣይኮነን ኣይነበረን’ው። ስለምንታይ መሪሕነት ሰልፊ ንሓደ ኣባል፡ ቅዋም ሰልፊ ብምጥሓስ ኣወንዚፉ (ብግብሪ ሰጊጉ) ዝብል ሕቶ መልሱ ሚስጢር ኣይኮነን። እወ፡ ሓው መስፍን ሓጎስ ግዳይ ናይ ዘሕጋዊ ውሳኔ መሪሕነት ሰልፊ ኮይኑ። ንሓደ ኣባል ስለዝጸላእካዮን ማዕረ ትጽቢትካ ኣይኮነን እልካ ስለዝሓሰብካ ቅዋም ሰልፊ ብምጥሓስን ካብ ሕጊ ወጻኢ ብዝኾነ ኣገባብ ካብ ሰልፊ ኣባልነቱ ከተወንዝፎ ፍትሒ ኣይኮነን። ብመሪሕነት ናይ ሓደ ፍትሒ ንምርግጋጽ ዝነጥፍ ሰልፊ ኣብ ርእሲ ሓደ ኣባል በደል ክፍጸም ከሎ ያዕ ምባል ኣገዳሲ እኳ እንተኮነ፡ ሕጂ እቲ መሰረታዊ ጉዳይ ንሱ ኣይኮነን። እቲ መሰረታውን ክስገር ዘይካኣልን ጉዳይ፡ ***መሪሕነት ሰልፊ ንቅዋም ሰልፊ ጢሒሱ ውሳኔታት ወሲዱን ኣተግቢሩን ከተግብር ይፍትን ኣሎን (ዝተጣሕሱ ዓንቀጻትን ዝተጋህሱ ሕግታትን ንምርኣይ ጥብቆታት ተመልከት) ኢዩ።***

***ስለዚ፡ ልዕልና-ሕጊ ዶስ ሕጊ ዝጣሓስ ውሳኔታት (ድሌታት) መሪሕነት ሰልፊ ይቕድም ዝብል ሙጉት ኢዩ እቲ ጉዳይ።***

ብወገን መሪሕነት ሰልፊ ዘሎ ሞጎት፡ ዝተጣሕሱ ዓንቀጻት ቅዋም ሰልፊ የለዉን ዘይኮነስ፡ እንታይ ዳኣ ሕጊ ኣይጣሓስኩን ምኽንያቱ ንባዕለይ ሕጊ ስለዝኾንኩ፣ ፍትሒ ኣየደልኩን ምኽንያቱ ንባዕለይ ፍትሒ ስለዝኾንኩ ወ.ዘ.ተ. ዝዓይነቱ ናይ ሓደ ብቅዋም ዘይማሓደር ፍጹም መላኪ ስነሞጎት ኢዩ። እቲ ካላኣይ ሸንኽ ካኣ፡ ኣይፋልን፡ ንመሰረታትን ንመሪሕነትን ሰልፊ (ንኹሎም ኣካላት ሰልፊ) ዘማእኽልን ዘማሓድርን “ቅዋም ሰልፊ” ስልዝኾነን ክኸውን’ውን ስለዘለዎ፡ መወከሲና፡ “ቅዋም

ሰልፊ” ተጣሒሱ ዶ ኣይተጣሕሰን ኢዩ’ሞ፡ መሪሕነት ሰልፊ ቅዋም ሰልፊ ጥሒሱ ንባዕሉ ርእሲ-ሕጊ ክኸውን ደልዩ ኢዩ ዝብል። “ላዕላዩ ዝተዘረገ፡ ትሕታዩ ነይጸሪ” ከምዝባሃል፡ “ውሳኔ መሪሕነት ሰልፊ ሕጊ ኢዩ፡ መሪሕነት ሰልፊ ዝበልካ ግበር፡ ወ.ዘ.ተ. “ ዝብሉ ገለ ኣባላትውን ኣይተሳእኑን። ቅዋማምነቱ ብዘየገድስ፡ ውሳኔ መሪሕነት ብዘይሕቶ ተቐቢሉ ክኸይድ ዝደሊ ኣባል መሰሉ ኢዩ። ንሕጋውነትን ቅዋማምነትን ውሳኔታት መሪሕነት ሰልፊ ዘይቅበሉ (ሕቶ ምልክት ንዘቕምጡ) ኣባልት ምፍርራሕ ይኹን ውሳኔ መሪሕነት እንተዘትቐበልኩም ኣብኣ ትደኹም ዝዓይነቱ ምግብዕባዕ ግን ቅቡል ኣይኮነን። ኣብ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ኣብ ዝተገብሩ ናይ ኣባላት ተለኮንፈረንሳት፡ ብገለ ኣባላት ዝተሰንዘሩ ዘይተገርዙ ወስታታ፡ ንኣብነት መሪሕነትና ናብ ጋሃንም ኪዱ ኢሉኩም ኢዩ (Go to the Hell)፡ ናይቶም ባሃልቶም ኣታሓሳስባታት ዝገልጹ ጥራሕ ዘይኮኑ ነይሮም፡ ናይ መሪሕነት ሰልፊ ባርኾት ዝረኸቡ’ውን ኢዮም ነይሮም። ከምኡ እንተዘይኮውን፡ ሽዑ ካብቶም ኣብቲ ኣኼባ ዝነበሩ ላዕለዎት ኣባላት መሪሕነት ሰልፊ፡ “መሪሕነት ሰልፊ ከምኡ ኣይበለን (ንሕና ከምኡ ኣይበልናን)” ዝብል መአረምታ ንተዋህበ ነይሩ። መአረምታ ኣይተገብረን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ (1) ነዞም ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባታት ዘለዎም ኣብላት፡ (2) ኣባላት ኮይኖም ዘፈልጡ፡ (3) ኣባላት ነይሮም ቀደም ዝገደፉዎ፡ (4) ናይ ኣብላት ጉብኣት ዘየማልኡ ገፋጊፍካ፡ ቅዋም ሰልፊ ዘይፍቅዶ ኣኼባታት ብምኽያድ፡ ህጹጽ ጉባኤ ከጸውዕ ዘኽእል ኩነታት ንምፍጣር ቀጻሊ ጻዕርታት ክካየድ ጸኒሑን ኣሎ። እሞ ዳኣ ሕጂ ነዚ ዘሕጋዊ ወስታት እዚ ፈሽ ሕጋውነት ከልብሶ እንተፈተነ እንታይ ዘገርም ኣለዎ። ህጹጽ ዞባዊ ጉባኤ ተባህለ ዞባዊ ኮንፈረንስ፡ እቲ ድሌት መሪሕነት ሰልፊ ጸገም ሰልፊ ምፍታሕ ዘኮነስ፡ መርሕነት ዞባ ኣመሪካ ምፍራስን ነቶም “መሪሕነት ሰልፊ ቅዋም ሰልፊ ጢሒሱ፡ ልዕልና-ሕጊ ኣየኽበረን፡ --“ ዝብሉ ኣባላት ምንጻልን እንተኮይኑሉ’ውን ካብ ቃልሲ ከምዘልግሱ ምግባርን ኢዩ።

*ዞባዊ ኮንፈረንስ እንታይ ንምግባር ተደለየ ዝብል ሕቶ፡ ከም ኣብነት፡ እስከ ንርአ፡*

መሪሕነት ርእሲ-ሕጊ ክኸውን ኣብ ዝደልየሉን፡ ከምድላዩ ንኣባልት/መሰረታት ሰልፊ ክጸርፍ ከም መሰሉ ገይሩ ኣብ ዝወስደሉን ዘሎ ጊዜ፡ ሕጂ ናይ ዞባዊ ኮንፈረንስ ክገብር ምድላዩ ጣውቃ ዘለዎ ኮይኑ ኣይስማዓንን። ህልው ጸገማትን ግርጭታትን ናይ ሰልፊ ክፈትሕ ድልየት እንተዝነብሮ፡ እታ ኩነታት ሰልፊ ክትፍትሽን ከተጽንዕን ተባሂላ ቅድሚ 2ይ ጉባኤ ሰልፊ ዝወጸት ኮሚቴ ተኸታቲሉ ስራሓ ከምትገብር ንገበረ ነይሩ። ሕጂ ዳርጋ ድሕሪ 2 ዓመት፡ ይትረፍዶ ሂወታ ዓርሳ ይኹን ጨናኣ ከማን የሎን። እዚ እኹል መርትዖ ናይ ዘይቐርብነት መሪሕነት ሰልፊ እንዳሃለወ፡ ሕጂ እንታይ ስለዝተደልየ ኢዩ ዞባው ኮንፈረንስ ዝባሃል ዘሎ? እቲ መልስታት ንምርኻብ፡ ነቶም መበገሲ ኣትሓሳስባታት ላዕለዎት ኣባላት መርሕነት ሰልፊ ንርአ፡-


1. ማዓስ ኢና ምስጓግ (ስጉምትታት) ምውሳድ ንጅምር ዝብል፡
2. ንድሌታትካ ንምርዋይ፡ ቅርጺ ሰልፊ ምቅይያርን ዓንቀጻት ቅዋም ምእላይ ዝደሊ፡
3. ንሕናን (ሰልፊ ህዝቢ/ሰውራዊ ባይቶ) ጋሸን ሰቲትን ኮይና ንሰዲህኤ ክንቅጽሎ ንኽእል ኢና፡ እቶም ካለኦት ይኽዱ ዝብል፡
4. ኣብ ህዝቢ መጋባእያ ወጺኻ፡ ንዝተፈልየ ርእይቶታት ዘለዎም መሰረታት/ኣባላት፡ ዝሃውተቱ (ህውቱታት)፡ ዝተጀነዱ (ጅኑዳት) ወ.ዘ.ተ. እንዳበልካ ምጽራፍን ክበረቶም ምግፋፍን ከም መሰሉ ገይሩ ዝቖጽር፡
5. ሰልፊ ዋላ እንተተገምዐ ጸገም የብሉን ኢሉ ንህዝቢ ዝእውጅ፡
6. ዘይቅዋማዊ ምትእትታው መሪሕነት  ሰልፊ ኣብ ዞባታት (ንኣብነት ኣብ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ)* እንዳሃለወ፡
7. ወ ዘ ተ

*ወዮዳኣ መሪሕነት ሰልፊ ንቅዋም ሰልፍ ተማእዛዝነቱ ኣብ ሕቶ ምልኽት ኣትዩ’ምበር፡ ብቅዋም ሰልፊ መሰረት፡ ***ጉባኤ ዞባ እቲ ዝላዓለ ስልጣን ሰልፊ ኣብቲ ዞባ ኢዩ***። ኣብ 2014 ዞባው ጉባኤ ዝቕመት መርሒነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ፡ ብዘይ ጉቡእ ምትእትታው ገለ ኣካለት መሪሕነት ሰልፊ ተዳኺማ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብካልእ ግዝያዊት መሪሕነት ንምትካእ ኣብ ዝተገብረ መስርሕ ህጹጽ ዞባዊ ጉባኤ፡ ገለ ኣካለት መሪሕነት ሰልፊ፡ ቅዋም ሰልፊ ብዝጥሕስ ኣገባብ ንዐያም ዝሰማምዑ መራሕቲ ከምርጹ ዝፈተንዎ ፈተነ ምዝካሩ ኣገዳሲ ኢዩ። እዚ ፈተነ እዚ ከይታዓወት ምስተረፈ’ውን፡ ስልጣን መሪሕነት ዞባ ንምድኻም፡ ቅዋም ሰልፊ ብምጥሓስ፡ ኣብ መንበር ዞባ ምስ ኣቦ መንበር ሰልፊ ዘይኮነስ ምስ ወኪሉ ከምዝራኸብ ተገይሩ (ኢቲ ወኪል ንባዕሉ ዘይቅዋማዊ ኢዩ)። ብቅዋም ሰልፊ መስረት፡ ኣቦ መንበር ዞባ ምስ ኣቦ መንበር ሰልፊ ብቐጥታ ክረኸብ ኣለዎ። ብዓንኬላት ምስራሕ ብሕጊ ተቐይሩ ከብቅዕ፡ ኣብርእሲ ዞባዊ ምምሕዳር፡ ዓንኬላት ምፍጣር ተፈቲኑ’ውን። ሕጂ’ውን እቲ ዘይቅዋማዊ ምትእትታውን ንዞባዊ መሪሕነት ኣዳኺምካ መሪሕነት ሰልፍ “ሕጊ ኢዩ” ብትብል መሪሕነት ንምትካእ ዝግበር ዘይቑዱስ ፈተነታት ኣየቛረጸን። እቲ ገለ ኣካላት መሪሕነት ሰልፊ ዘናፍስዎ ጠቕነታት ገድፍካ፡ ሓደ ብትሕዝትኡ ይኹን ብኣጋባቡ ሕጋውነትን ቅዋማምነትን ዝጎደሎ ናይ ሰባት ኣስማት ርዝር ዝሓዘ ንህጹጽ ናይ ዞባ ጉባኤ ዝጽውዕን፡ ናብቶም ኣካላት መሪሕነት ሰልፊ ቅዳሕ ዝተገብረ ጽሑፍ እንትወሰድና፡ “ኣናፍራ ቖቛሕ ዘይፈልጥሲ ---“ ኢዩ ነገሩ። እቲ ዘሕዝን፡ እዚ ካኣ ቃልሲ ምዃኑ ኢዩ።

“ዝተባሃልካዮ ግበር፡ ኣብዘይ ጉዳይካ ኣይትሕተት” ዝብላ ሓረጋት ነቶም ብገድሊ ዝሓለፉና ንየእዝና ሓደስቲ እየን ኣይብልን። ወዮዳኣ ከምሓቂ “ናታ ገዲፉስ ናይ ሓማታ” ኢዩ’ምበር፡ ህግ ከምኡ እንዳበለ ስለዝመጸ ኢዩ ህግደፍ ተፈጢሩ እንድበልና ኢና ንሓሚ። ሕጂ ካኣ ካብ ተሞኩረና ምምሃር ግዲ ስኢና፡ ካብ ጉጅለካ፡ ካብ ጨንፈርካ፡ ካብ ዞባካ፡ ወ.ዘ.ተ. ወጻኢ ዘሎ ሰልፋዊ ሂወትን ጉዳይን ኣይምልከተካን ብዝዓይነቱ፡ “ዝተባሃልካዮ ግበር፡ ኣብዘይ ጉዳይካ ኣይትሕተት” ዝብሉ መግናሕቲ ዝተሓዎሶም ወስታት ናብቶም መሪሕነት ሰልፊ ትጋገ ኣለካ ዝበሉን ዝብሉ ዘለውን ኣባልትን ታሕተዎት ኣካልት ሰልፊን ክስንዘሩ ጀሚሮም ኣለዉ። ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝተገልጸ፡ መቦቆል ናይቲ ንሰዲህኤ ገጢምዎ ዘሎ ጸጋም፡ ሰልፈ-ለኻዊ እምበር ዞባዊ፡ ጨንፈራዊ፡

ወይውን ውልቃዊ ኣይኮነን። ሕጂ መሪሕነት ሰልፊ ኣብ ከንዲ ጉብእ ኣገባብ ኣትሓሕዛ ዝገብረሉ፡ ከም ናይ ሓደ ዞባ ወይውን ናይ ዝተወሰኑ ኣባላት ጸገም/ጉዳይ ገይሩ ክሕዞ ምፍታኑ መንነትን ባህግታትን ኢቲ መሪሕነት ሰልፊ ካብ ምግላጹ ሓሊፉ ፍታሕ ዘምጽእ ኣይኮነን። መሪሕነት ሰልፊ ቅዋም ሰልፊ እንዳጣሓሰ፡ "ዝተባሃልካዮ ግበር፡ ኣብዘይ ጉዳይካ ኣይትሕተት" ንባሃል ኣለና። ኣይፋልኩምን፡ መሪሕነት ሰልፊ እግዛኣብሐር /ኣላህ የርእኹም፡ ስቅ ምባል ዳኣ "ንህግደፍ ዝመስል ዕንዱ እንድዩ ዘሕቁፍ"። እቲ ክኸውን ዘለዎን፡ እቲ ዝበልጸን መሪሕነት ሰልፊ ልቦና ኣርእዩ ንዝፈጸሞም ቅዋማዊ ጥሕሰታት ብምእራም፡ ኣብ ሰልፊ ናይ ኢህን-ሚህን ሃዋሁ ክፈጥር ይግባእ። ከምቲ ኣብቲ ናይ ቪዲዮ ኣስተምህሮይ ዝበልክዎ፡ እቲ ቀዳማይ ዕማም መሪሕነታዊ ትካል "ኣብ መንጎ ኣባላት ናይ ምትእምማን መንፈስ ምፍጣር ኢዩ"። ነዚ ንምግባር ካኣ ህጹጽ ጉባኤ ወይውን ዞባዊ ኮንፈረንስ ምግባር ዘይኮነ፡ ***"ሰልፋዊ ዋዕላ"*** ምኪያድ ኢዩ ዘድሊ።

ወዮዳኣ ምሳልያዊ ታሪኽ (Parable) ምጽሓፍ ካልእ ጣጣ ከይፈጥረለይ እንዳፈራሕኹ'ምበር፡ ብዛዕባ ክልተ ነብሶም ዝፈትዉ ዝነበሩ  የእዱግ/ኣባቕል፡ መታን ከምመምሃሪ ክኾነና፡ ከዕለኩም። መጀመሪያ ግን ሓደራ ክብል፡ ምሳልያዊ ታሪክ መለኸቲ ጥራሕ ኢዩ ዘሕልፍ። ኣብቲ ታሪክ ዝጥቀሱ ባእታታ/ኣስማ (ተዋሰእቲ) ንዝኮነ ኣይመኽቱን/ኣይውኩሉን (ምናልባት ሕጂ'ውን "የእዱግ/እባቕ ኢሉና ዝብሉ ከይርከቡ)። እዞም ክልተ የእዱግ/ኣባቕ ሕጽር ብዝበለት ገመድ ፡እቲ ሓደ ንምብራቕ ኢቲ ሓደ ካኣ ንምዕራብ እንዳጠመቱ፡ ብሓደ ኣብ ክሳዶም ተኣሲሮም ነበሩ። ክልቲኦም ብሓደ ጊዜ ከምዘየርክብወን ተገይረን ዝተቐምታ ኣብ ቀቅሚኦም ክልተ ኩምራ ሓሰር ካኣ ነበራ። እቲ ሓደ ካብታ ኣብ ቅድሚኡ ዘላ ኩምራ ክምገብ እምተበል እቲ ካልእ'ውን ካብታ ኣብ ቅድሚኡ ዘላ ኩምራ ክምገብ ስለዝደሊ ይውጥቶ'ሞ ኣይርክባን። ኢት ሓደ'ውን ከምኡ። እንድሕርዳኣ እዞም ክልተ የእዱግ/ኣባቕ ክምገቡ ኮይኖም እንታይ ክገብሩ ኣለዎም ትብሉ? ንኻትኩም እንታይ ትብሉ እንድዒ'ምበር፡ ኣነስ "ዋዕላ ክገብሩ ኣለዎም" ንበልኩ።



*ሓሙሻይ ክፋል*

## *ካብ ማህደር ታሪኽ ምፍንጫላት እንታይ ንማሃር? ደጃ ቩ (de'ja' vu)*

ሓደ ገጽታ ታሪክ ቃልስና (ቅድመን ድሕረ-ናጽነትን)፡ ታሪክ ምፍንጫን ምፍንጫላትን ኮይኑ ምጽንሑን ምህላዉን፡ መግለጺ ናይቲ ብሰንኪ ብኽረት ብቑዕ-መሪሕነት ህዝቢ ኤርትራ ወሪድዎ ዘሎ ቀጻሊ ኣደራዕ ከምዝኾነ ኩላትና ዘይንስሕቶ ሓቂ ኢዩ። ፖሊትካዊ ቃልሲ ናይ ብሓደ ጠማሪ ሓሳብ ተጠርኒፎም ዝቃለሱ ሰባት ጥርናፈ ስለዝሓትት፡ከምቲ ኣቦው ዝብልዎ "ኣሸንኳይዶ ሰብሲ እምኒ ከማን ይጓራጮ" ስለዝኾነ፡ ዘይምርድዳእ፣ ምስሕሓብ፣ ምጉርፋጥ፣ወ.ዘ.ተ. ንቡር ተርእዮ ሂወት ናይቲ ጥራናፈ ኢዮም። ምስጢር ዓወትን ፍሽለትን ግን፡ ኣብ ዘይምርድዳኣት ምህላዎም ዘይኮነስ፡ ኣብ ሜላ ኣታኣላልያ ግርጫታት ኢዩ ዝምርኮስ። ፍልልያት ብእሂን-ሚሂን፣ ብሰላማዊ ልዝብ፣ ብስጋይ ስጋኻ፣ ብእንካን-ሃባን ክፉት ኣእምሮ ወ.ዘ.ተ. ኣብ ከንዲ ምእላይ፡ ናይ "ሳዓርን ተሳዓርን"፡ ዝሳዓረ ካኣ ኩሉ ዝወስደሉ (winner takes all) መንፈስ ማእከል ዝገበረ፡ ብሓይልን ብዓመጽን ኮይኑ ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ ነዊሕ ታሪኽና ብሓይልን ብዓመጽን ክውገኑ ዝተፈተኑ ፍልልያትን እቶም ብሰንኪ ጉጉይ ኣታኣላልያ ግርጭታት ዝሳዓቡ ምፍንጫላት ብዙሓት ኢዮም። ሓደ ብሓድ በቲንካ ክዝርዘሩ እኳ ይካኣል እንተኾነ፡ ንሕጂ ኣብቲ መሰረታዊ ናይ ሓባር ባህርያቶም ምትኳርን ካብኡ እንታይ ክንማሃር ከምንኽእል ምፍታሽን ጥራሕ ኣኻሊ ኢዩ እብል።

ዳርጋ ኩሎም ናብ ምፍንጫላትን ምግዝዛዕን ዘምርሑ ፍልልያት/ግርጭታት፡ መሪሕነት (ኣባላት መሪሕነት) ናይቲ ዝምልከቶ ግንባር፣ ውድብ፣ ሰልፊ፣ ምንቅስቓስ፣ ወ.ዘ.ተ. ማእከል ዝገበሩ ኢዮም። ኣብ መንጎ ኣባላት መሪሕነት ፍልልያት ኣብዝፍጠሩሉ ግዜ፡ ኣብ ክንዲ ፍልልያቶም/ግርጭታቶም ብሰላማዊ ልዝብ ኣብ ጣውላ ክፈትሕዎ ዝፍትኑ፡ ብዓመጽን ብሓይልን (ኣብ ሜዳ ብብረት፡ ድሕሪ ናጽነት ካኣ ብሕድሕዳዊ ፖሊትካዊ ቅንጸላታት) ይኸውን'ሞ፡ ዋላ ናኣሽቱ ፍልልያት ከይተረፉ ናብ ቀጻሊ ምፍንጫላትን ምጉጅጃላትን የምርሑ። መጀምሪያ እቶም ፍልልያት ኣለና ዝብሉ ኣባላት መሪሕነት ናብ ቀጽርታት ይመቓቐሉ'ሞ፡ ውሽጢ-ውሽጢ ኣብ ርእሲ እቶም ይጻረሩና ኢዮም ዝብልዎም ኣባላት መሪሕነት ናይ ጸለመ ቀጻሊ ዘመተ ብምግባር ነቶም መሰረታቶም ካኣ ይገዛዝዕዎም። ዳሓር እትን ውሽጢ-ውሽጢ ዝተፈጥራ ቀጽርታት ከኩርበአን ብምሓዝ፡ ደንጉላ (ታህዲድ (blackmailing)፣ ጸለመ (maligning)፣ ጠቕነ (denigrating)፣ ምንጻል (marginalizing)) ክዳራበያ ይጅምራ'ሞ እቲ ምፍንጫላት ክውን ይገብረኦ። እተን ብኸምዚ ዓይነት ኣገባብ ዝተፋናጨላ ጉጅለታት፡ ድሕሪ ቑሩብ ግዜ (ዓምታት ወይ ኣዋርሕ) ብተመሳሳሊ መስርሕ ናብ ዳግመ-ምፍንጫልን ምፍንጫላትን የምርሓ። ሓደ ጉንዲ ናይዚ ዘለናዮ ሰልፊ (ሰዲህኤ) ከም ኣብነት እንተራኣና፡ ብኸምዚ ዓይነት ምፍንጫላት፡ ሕጂ ሻዋዓይ-ወሎዶ በጺሑ ኣሎ። ናይ ሕጂ ፍርሐይ፡ ሻሙናይ ተጠኒሱ ንሕርሲ ተዳልዩ ከይህሉ ኢዩ። ስልምንታይ ይፈርሕ ከምዘለኩ እስኪ ከዕለኩም።

ሰዲህኤ ነዛ ቀጻሊት ናይ ምፍንጫል ዕንኪላሎ (splitting vicious cycle) ብምስባር ኣንጻር ምብትታን፣ ምፍንጫልን ምፍንጫላትን ንምጽዓት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ዝተበታተነ ንምጥርናፍ ዝተፈጥረ ሰልፊ ኢዩ'ውን ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ከምዝፍለጥ ነቲ ዝተበታተነ ቃልስታት ምጥርናፍን ምዕኂኽን ይትረፍ፡ እታ ምብትታን/ምፍንጫል ሕማም'ውን ገና ናይ ሓድነታዊ ስልሳዊ-ጉባኤ ሕጽኖት ከይተወደአ ከሎ ብምጅማር ነታ ናይ ምፍንጫል ዕንኪላሎ'ውን ሰሪሩ ከጋልባ ጸኒሑ ኣሎ። ስለምንታይ ከምኡ ኮይኑ? ካብ 2010 ብሓፈሻ፡ ካብ 2014 (ካብ ምድላውን ምኽያድን 2ይ ሰልፋዊ ጉባኤ) ካኣ ብፍላይ ንድሓር ዘሎ ግዜ ጥራሕ እኳ እንተራኣና፡ እኹል መረዳታት ከንረክብ ንኽእል ኢና። እንታይ ተገብረ፣ መን እንታይ በልን ገብረን ኩላትና ብቐረባ ክንከታተሎ ስለዝጸናሕናን ኣብ ዝቐደሙ ጽሑፋተይውን ስለዝተዛረብኩሉ፡ ሕጂ ምድጋሙ ከየሰልቸወና ሕጽር ብዝበለ መልክዑ ጥራሕ ከቕርቦ።

እቶም ናይ መፈላለዩ ምኽንያታት መሰረታውን (fundamental cause) ቅጽበታውን (immediate cause) ተብሂሎም ኣብ ክልተ ክኽፈሉ ይኽእሉ ኢዮም። ነንሕዶም ዝነጻጸሉ ዘይኮኑስ ተማላላእቲ ካኣ ኢዮም። ብሓፈሽኡ ክረአ ከሎ ግን፡ ምስ ምኽባር ልዕልና-ሕጊን ቅዋምን፡ ባህርያትን ኣካይዳ መሪሕነት ሰልፍን ዝተኣሳሰሩን ኢዮም። ንኩላህና ኣባልት ሰልፊ (መሰረታትን መሪሕነትን) ብሓባር ዝጠምረና ናይ ሓባር ገመድ (contract)፡ እቲ ኣብ ፖሎቲካው ፕሮግራምና መሰረት ዝገበረ ቅዋም ሰልፍና ኢዩ። ምኽባር ልዕልና-ሕጊን ቅዋምን ንኹሉ ኣባል ሰልፊ (መሪሕነት ይኹን መሰረታት) ብማዕረ ይምልከት። ልዕልና-ሕጊ ርእሲ ኩሉ ኢዩ። ይኩን'ምበር መሪሕነት ሰልፊ ነዚ መሰረታዊ መትከል እዚ ክግህሶ መሪጹ። ኣብዝሓለፉ ጽሑፋተይ ከምዘስፈርክዎ፡ ሓይሎ ዓንቀጻት ቅዋም ሰልፊ ብምጥሓስ ካኣ ውሳኔታት ወሲኑን ኣተግቢሩን ። መሪሕነት ሰልፊ ልዕልና-ሕጊ ክግህስን ቅዋም ሰልፊ ክጥሕስን ኣይግቦኣን ኢዩ ዝብል ተቃውሞ ካብ መሰረታት ሰልፊ ተላዒሉን ይቕጽል ኣሎን። መሪሕነት ሰልፊ ንዝገበሮም ጥሕሰታት ቅዋም ክእርሞምን ነቲ ተፈጢሩ ዘሎ ፍልልያት ብብሱል ኣገባብ ኣፈታትሓ ግርጭታት ብምእላይ ሰልፊ ናብ ህዱእ ኩነታት ክመልሶ ንዝቐረበሉ ልቦዋታትን ምሕጽንታትን ዝሓዘ ጠለባት መሰረታት ሰልፊ ኣይተቐበሎን ጥራሕ ዘይኮንስ፡ ቅዋም ሰልፊ ዝጣሓሱ ዋሳኔታቱ ንዘይቅበሉ ኣባላት ሰልፊ ናይ ታህዲድ (blackmailing)፣ ጸለመ (maligning)፣ ጠቕነን (denigrating)፣ ምንጻልን (marginalizing) ዘመተ ብሰፊሑ ተታሒዝዎ ይርከብ። ስለዚ፡ እቲ ክሳዳዊ ሕቶ፡ "ልዕልና-ሕጊ ዶስ ቅዋም ሰልፊ ዝጣሓሱ ውሳኔታት መሪሕነት ይከበር?" ዝብል ኢዩ።

መሪሕነት ሰልፊ ንልዕልና-ሕጊ ተማእዛዚ'ምበር ንባዕሉ ሕጊ ስለዘኮነ፡ ዘይሕጋዊ ውሳኔታቱ ክንጸጉ ኣለዎም ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ሰልፊ ተሓታታይ ክኸውን ኣለዎ ዝብሉን፡ ኣይፋል፡ መሪሕነት ሰልፊ ዋላ ሕጊ ይጥሓስ ውሳኔታቱ ብዘይ ሕቶ ክትግበሩ ኣለዎም ዝብሉ ኣባላት ምህላዎም ጸገም ኣይንኾነን። ከም ንቡር ፍልልያት ብንቡር ኣገባብ ኣፈታትሓ ግርጭታት'ውን ክእለ ንተገበአ። እቲ ጸገምን ዘይንቡርን ግን፡ እቶም ዋላ ሕጊ ይጥሓሱ ውሳኔታት መሪሕነት ብዘይ ሕቶ ክትግበሩ ኣለዎም ዝብሉ ኣባላት፡ ነቶም "መሪሕነት ሰልፊ ልዕልና-ሕጊ ከኽብር ኣለዎ" ዝብሉ ዘለዉ ኣባላት "ትዛዝ መሪሕነት እንተዘይተቐበልኩም ኣብኣ ትደኹም" ዝዓይነቱ ወስታት ምድርባይ ጥራሕ ዘኮነስ፡ እንተላይ ቅዋም ሰልፊ ብዝጣሓሰ ኣገባብ (ዘሕጋዊ ኣኬባታት ምኪያድ፣ ዘይሕጋዊ ዝርዝር ኣስማት ምድላው፣ ሕቡእ ውዳቤታት ምግባር፣ ወ.ዘ.ተ.) ንሕጋዊ መሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ንምቕያር ይህቅኑ ምህላዎም ኢዩ። እቲ ብዝኸፍአ ዘሕዝን ግን ከምዚ ዓይነት ዘይሕጋዊ ምንቅስቃስ፡ ናይቲ ንባዕሉ ሕጊ ሰልፊ ዝጣሓሰ ላዕለዋይ መሪሕነት ሰልፊ ባሩኾት ምርካቡ ኢዩ። ከምቲ ***"ላዕላዩ ዘይጸረየ፡ ታሕታዩ ነይጸሪ"*** ዝባሃል ቢሂል ኢዩ እቲ ነገር። ከምኡ ስለዝኾነ ኢዩ ካኣ፡ ሕጂ ኣቦ መንበር ሰልፊ፡ ስርዒት ሰልፊ ብምጥሓስን ብዘይ ናይ ዞባ መሪሕነት መደባትን ምስዘም ካብ ሕጊ ሰልፊ ወጻኢ ዝንቀሳቐሱ ዘለዉ ባእታት ብምትሕብባር ምስ ገለ ጨናፍር ሰልፊ ዝረኸብ ዘሎ። እንታይ ኮን ይኸውን እቲ ቀንዲ ዓላማ ናይዚ ብኣቦ መንበር ዝካየድ ዘይሕጋዊ መደባት? ታሪኽ ዶ ኾን መምህር ይኸውን? ንኣብነት፡ ሓደ ጉንዲ ናይ ሰዲህኤ ዝኾነ ሰውራዊ ባይቶ ኣብ 2003 ናብ ክልተ ከምዝተመቕለ ታሪክ የመልክት። ናይ ሎሚ ኣቦ መንበር ሰዲህኤ ዝኾነን ናይ ሽዑ ካኣ ሓላፊ ስርዒት ዝነበረን፡ ኣብ ኣውሮጳ ብምኻድ፡ ከም ኣብነት ኣብ ጀርመን ዝተገብረ ክጥቀስ ይካኣል፡ ነቶም ነቲ ናቱ ወገን ይድግፉ እዮም ዝበሎም ኣባላት ጥራሕ ብምእካብ፡ ሓድሽ ስርርዓት ብምግባርን፡ ነቶም ዝተረፉ ብምንጻልን ነቲ ምፍንጫል ከምዘቓላጠፎን ክውን ከምዝኸውን ከምዝገበሮን ኢዩ ታሪክ ዝዝክሮ። ሕጂክ፡ ናይ ኣመሪካ ዑደቱ ንተማሳሳሊ ዓላማ ክይኮውን ከምዚ ከማይ ዶ ትፈርሑ? እንታይ ዘየፍርሕስ ኣለዎ። ደጃ ቩ (de'ja' vous) ኢዩ ዝመስል።

ስለዚ፡ ካብ ሕጊን ስርዒትን ሰልፍ ወጻኢ ዝኸኑ ዘለዉ መሪሕነት ሰልፊን ደገፍቱን'ምበር መሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካን ደገፍቱን ኣይኮኑን። መሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካን ደገፍቱን ልዕልና-ሕጊ ይከበር፣ ፍትሕ ይንገስ፣ ሓድነት ሰልፊ ይትዓቐብ፣ እምቢ ንዓመጽ፣ ኣይፋል ንምፍንጫል ኢዮም ዝብሉ ዘለዉ። ከምዚ ምባል ካኣ "መሰልን ግዴታን" ነብሲ-ወከፍ ኣባል ሰዲህኤ ስለዝኾነ፡ ግብኣቶም ይገብሩን መሰላቶም የኽብሩን ኢዮም ዘለዉ (**ዓንቀጽ 4.3.5 ቅዋም ሰልፊ**)። ኣብዚ ክዝኸር ዘልዎ ሓቂ፡ **ብዓንቀጽ 5.10.2 ቅዋም** ሰልፊ መሰረት፡ ዞባዊ ጉባኤ ሰሜን ኣመሪካ እቲ ዝላዓለ ስልጣን ሰልፍ ኣብ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ኢዩ። መሪሕነት ዞባ ካኣ **ብዓንቀጽ 5.9.1 ቅዋም** ሰልፊ መሰረት፡ ኣብ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ኩሉ መዳያዊ ዕማማት ሰልፊ ይመርሕን፡ ዕዮታት ንኡስ ዞባታት የዋሃህድን የማእክልን። ስለዝኮነ ካኣ፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ ስልጣንን ሕጋውነት ዞባዊ መሪሕነትን ብምርጋጽ ሰልፍዊ ስርዒት የፍርስ ኢዩ ዘሎ። **ዓንቀጽ 4.4.9 ቅዋም** ሰልፊ ከምዝድንግጎ፡ ንሰልፊ ካብ ከምዚ ዓይነት ሓደገኛ ከፋፋሊ ወስታት (እቲ ወስታት ካበይ ይበገስ ብዘየገድስ) ምኽልኻል ናይ ነብሲ-ወከፍ ኣባል ሰልፊ ግብኣት ስለዝኮነ፡ ኩሉ ኣባል ሰልፍ ብሓፈሻ ኩሉ ኣባል ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ካኣ ብፍላይ ነዚ ብኣቦ መንበር ሰልፊ ዝግበር ዘሎ ስርዒት ሰልፊ ዘፍርስ ጥሕሰት ብምንጻግ ንሓድነት ሰልፊ ብምሉእ ዓቕሙ ክከላኸል ቅዋም ሰዲህኤ ዝጠልቦ ግዴታ ኢዩ።

ከምቲ ኣቦው ዝብልዎ፡ "ክትበልዓ ዝደለካ ኣባጉንባሕ ሲ ዛግራ ትብላ" ስለዝኮነ፡ ፈጻሚ ሽማግለ ሰዲህኤ፡ ንመሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ብውጹእ ሓሶታት ብምኽሳስ ከፍርሳ መደብ ከምዘሎዎ ምግላጹ'ውን ዝዝክር ኢዩ። እቶም ዘቕረቦም ምስምሳት (ናይ ሓሶት ጠቕነታት) እዞም ዝስዕቡ ኢዮም፡-

1. *ሽማግለ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ብቐጻሊ ንውሳኔታት መሪሕነት ክነጽግ ብምጽንሑን፣ ናይ መሪሕነት ርእይቶታትን መልስታትን ብግቡእ ንታሕቲ ከይወርድ ብምዕንቃጹን ፣*

2. *ነቲ ብመሪሕነት ሰልፊ ኣብ'ቲ ዞባ ኪጋባእ ተወሲኑ ንዝነበረ ዋዕላ ወይ ኮንፈረንስ ንምድላው ዝተመሓላለፈሉ መምርሒ ዘይምፍጻሙ፣*

3. *ካብ መሰረታቱ ንዝመጹ ሕቶታት ከምልስ ድልዊ ኰይኑ ዘይምርካቡ፣*

ንበይኑ ዝምጉት ሲ ዝረትዖ ነይብሉ ከምዝባሃል ኮይኑ'ምበር፡ ዋሓስ-ኣገብእ ኣቢሉ ዘጫብጥ ዳኛ እንተዝነብር ሲ፡ ፈሽ ኣበይ ኣሎ ጭብጥታትካ ንተባህለ'ሞ ፍሽለቱ ተጎልቢቱ ንተረፈ ነይሩ። እቲ ጸገም ግን፡ ፈሽ ባዕሉ ከሳሲ፡ ባዕሉ ዳኛ፡ ባዕሉ ፈራዲ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ንባዕሉ ርእሲ ልዕልና-ሕጊ፡ ዘውስኖን፡ ዝብሎን ዝገብሮን ካኣ ሕጊ ከምዝኾነ ገይሩ ኢዩ ዝቖጽሮ። ዝኾነ ኮይኑ፡ ሕጂ እቲ ክስተባህለሉ ዝግባእ ሓቂ፡ ፈሽ ንመሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ብሓሶት ብምጽላም መሰል ሓደ ኣካል ሰልፊ ስለዝጋሃሰ፡ ቅዋማዊ ጥሕሰት ምግባሩ ኢዩ (**ዓንቀጽ 4.3.1 ቅዋም ሰልፊ**)። ብተወሳኪ፡ መሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ክስታት ክትፈልጥን ንክስታታ ክትከላኸልን ዘለዋ ቅዋማዊ መሰል (**ዓንቐጽ 4.3.6 ቅዋም ሰልፊ**) ስለዝተነፍጋ፡ ፈሽ ዓብዪ ቅዋምዊ ግህሰታት ፈጺሙ'ውን ኢዩ።

*ሻዱሻይ ክፋል*

## *ሕማቕ ማሕረስ መነደር ትሓግ፡ ሕጂ'ውን እንተኾነ ምድሓን ሓድነት ሰልፊ መሰልን ግዴታን መሰረታት ኢዩ*

ሰዲህኤ ኣብ ታሪኽ ዝተሰርሐ ሓድነት ዝሕላገቱ (ሓድነት ራኢ፡ ሓድነት ህዝቢን ሃገርን፡ ሓድነት ባህግታት ህዝቢ፡ ወ.ዘ.ተ.) ኣብ ታሪኽ ቃልሲ ናይ ዝተጓነጹ ሓይልታት ውህደት ኮይኑ፡ ኣብ ታሪኽ ዝተገብሩ ናይ ምብትታን ወስታት፡ ኣብ ዝግበር ናብ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ስግግር ቃልሲ ንኸይድገሙን፡ ዝተበታተነ ቃልስታት ህዝቢ ኤርትራ ብምውህሃድ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ጥሙር ቃልሲ ንምኽያድ ዓሊሙ ዝተበገሰ ሰልፊ ኢዩ። ስለዝኮነ፡ ሰዲህኤ ዝተበታተነ ንምጥርናፍ ዝጽዕት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ኩለንተንኡ ኣንጻር ምብትታን፣ ምፍንጫልን ምፍንጫላትን ንኽኸውን ዝተፈጥረ ሰልፊ ኢዩ ነይሩ። ኢዚ ካኣ ባህግን ድሌትን ናይቶም ዘቖምዎ መሰረታት/ኣባላት ጥራሕ ዘኮነስ፡ እንተላይ ናይ ኩሉ ደላይ ፍትሕን ሓድነትን ዝኾነ ኤርትራዊ ሕብረት-ሰብ ኢዩ ነይሩ። ይኹን'ምበር፡ ነቲ ዝተበታተነ ቃልስታት ምጥርናፍን ምዕኧኽን ይትረፍ፡ መሪሕነት ሰልፊ ካብ ደግሲ ናይ ምብትታን/ምፍንጫል ሕማም ክላቖቕ ስለዘይካኣለ፡ ሕጂ'ውን ገና እቲ ናይ ምብትታንን ምፍንጫላትን ነጎዳ ይሃምም ኣሎ። መሪሕነት ሰልፊ፡ ነቲ ክገብሮ ዝጸንሐ ቅዋማውን ሕጋውን ጥሕሰታት ብዝላዓለ ናህሪ ብምቕጻል፡ ንሕጋዊ መሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ንምፍራስ ዘይሕጋዊ ውሳኔ ወሲዱ ኣሎ፡፡  ንሓድነት ሰዲህኤ ዝፈታተኑ ወስታታት ናይ ምውሳድ ኣመሉ ሓዱሽ እኳ እንተይኮነ፡ *ሓያል ኣንበጣ፡ ግራትካ በሊዑስ ኣብ ደጎልካ ይሰፍር* ከምዝባሃል፡ መሪሕነት ሰልፊ ስርዒት ሰልፊ ኣፍሪሱ ከብቕዕ፡ ነቲ ኣይፋል ንምፍንጫል ኢሉ ዝምኽት ዘሎ መሰረታት ከወንጅልን ክኸስስን ህርድግ ምባሉ ኢዩ። *ሰጋ ጎይታናይ ይብላ፡ ደቂ ጎይታ ክመስላ* ከምዝባሃል ኢዩ ነገሩ። እንተ እቲ ገዝካ ሓዊ ወሊዑ እንዳነደዶ እንከሎ፡ እድካን እግርኻን ኣጣሚርካ ረአ፡ ማይ ኣፍሲስካ ከተጥፍኦ ኣይትፈትን፡ ዝዓይነቱ ኣባሃህላ፡ ካብ ፍጹም መለኽቲ ዝዋሃብ "ፍትሒ" ኢዩ እልና ጥራሕ ክንሓልፎ።

ከምዝፍለጥ፡ መሪሕነት ሰልፊ ንዝራኣዩ ፍልልያት ይኹኑ ግርጭታት ብልቦናን ብልዝብን ኣብ ክንዲ ዝፈትሖም፡ ንዝተፈልየ ሓሳባት/ርእቶታት ንዘለዎም ኣባልት ናይ ምንጻግን ናይ ምግላልን ስጉምትታትን ውሳኔታትን ክወስድ ከምዝጸንሐ ኩላህና ክንኸታተሎ ዝጸናሕና ሓቂ ኢዩ። ንሱ ጥራሕ ዘይኮነ፡ መሪሕነት ሰልፊ፡ ቅዋም ሰልፊ ብተደጋጋሚ ብምጥሓስን፡ ልዕልና-ሕጊ ብምግሃስን ንሓድነት ሰልፊ ዝፈታተኑ ውሳኔታት ክውስንን ከተግብርን'ውን ጸኒሑ ኢዩ። *መፍለስ ሓንቲ ጸጕሪ ኣላቶ'ም ንዓኣ ከጥፍእ ይሰሓሳሕ* ከምዝባሃል፡ ነታ እንኮ ግን ካኣ ኣገዳሲት ዝኮነት ሕላገት ሰዲህኤ ዝኾነት "ሓድነት" ንምስባር፡ እቲ ቅዋም ሰልፊ ምጥሓስን ልዕልና-ሕጊ ምርጋጽን ሕጂ'ውን መሪሕነት ሰልፊ ብዘይምቁራጽ ይቕጽሎ ኣሎ። **ብዓንቀጽ 5.10.2 ቅዋም** ሰልፊ መሰረት፡ ዞባዊ ጉባኤ ሰሜን ኣመሪካ እቲ ዝላዓለ ስልጣን ሰልፍ ኣብ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ኢዩ። መሪሕነት ዞባ ካኣ **ብዓንቀጽ 5.9.1 ቅዋም** ሰልፊ መሰረት፡ ኣብ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ኩሉ መዳያዊ ዕማማት ሰልፊ ይመርሕን፡ ዕዮታት ንኡስ ዞባታት የዋሃህድን የማእክልን። ይኩን'ምበር፡ ነዞም ዓንቀጻት ብምጥሓስን ብዘይ ኣፍልጦ ዞባዊ መሪሕነትን፡ ኣቦመንበር ሰልፊ ምስ ገለ ጨናፍር ሰዲህኤ ኣብ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ክራኸብ ከምዝቐነየን ይራኸብ ከምዘሎን ጋህዲ ኮይኑ ኣሎ። ዋሓጥዮ እንተበከዋስ ትጎስመሉ ከምዝባሃል፡ ኣቦ መንበር ሰልፊ፡ ድሕሪ ምስ ዘሕጋውያን ኣካላት ምርኻቡ፡ ህጹጽ ናይ ፈሸ ኣኼባ ብምጽዋዕ፡ ንሕጋዊት መሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ብዘይ ሕጊ ከእፍርሳ ከምዝወሰነ'ውን ዝዝከር ኢዩ። ብተወሳኺ፡ ነቶም ብዘይ ሕጊ (ቅዋም ሰልፊ ብምጥሓስ) ብሕቡእ ብምእካብ ዝተጠራነፉ እሞ ካኣ ኣቦ መንበር ሰልፊ ቅዋም ሰልፊ ብምጥሓስ ኣፍልጦ ክህቦም ዝመረጸ ጉጂለ ዝሓለፈ ሰንበት (09 ሓምለ 2017) ዘይሕጋዊ ናይ ተለኮንፈረንስ ኣኼባ ገይሩ ኣሎ። እዚ ቅዋማዊ ጥሕሰታት እዚ ናይቲ ብቐጻሊ ብመሪሕነት ሰልፊ ክካይድ ዝጸንሐ ንመሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ኣዳኺምካ ብመሪሕነት ሰልፊ ዝደልይዎም ሰባት ናይ ምትካእ ዘመተ መቐጸልታ ኮይኑ፡ መሪሕነት ሰልፊ ማእከል ዝገበረ ሰልፊ ናይ ምብታን ሓደገኛ ወስታ ኢዩ።

እንተ እቲ ብፈሸ ተውሲዱ ዝባሃል ዘሎ ንሕጋዊት ዞባዊ መሪሕነት ናይ ምፍራስ ውሳኔ፡ ዘይሕጋውን ንጹግን ኢዩ። ጉባኤ ዞባ እቲ ዝላዓለ ስልጣን ሰልፊ ኣብ ዞባ ስለዝኾነ፡ ብጉባኤ ዞባ ዝተመርጸት መሪሕነት ዞባ፡ ኣብ ጉባኤ ዞባ ጥራሕ ኢያ ክትወርድ ትኽእል። እዚ ካኣ ኣብቲ ብሕጋዊት ዞባዊ መሪሕነት ተወዲቡ ብዕለት 25 ሰነ 2017 ዝተኻየደ ዞባዊ ተለኮንፈረንስ፡ ኣባላት ዞባ ነቲ ውሳኔ ፈሸ ዘይሕጋውን ዘይቅዋማውን ኢሎም ምንጻግ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ነታ ኣብ 4ይ ጉባኤ ዞባ ዝተመርጸት መሪሕነት ዞባ ከም ሕጋዊት ስልጣን ሰልፊ ኣብ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ከምዝፈልጥዋን፡ ሰልፋዊ ስራሓታ ክትቕጽል ከምዘለዋን፡ ኩሉ ዘድሊ ደገፋት ብማሃብ ኣብ ጎድና ደው ከምዝብሉን ብምሉእ ዕግበት ኣረጋጊጾም። *ሕጂ'ውን እቲ እንኮነ ምድሓን ሓድነት ሰልፊ መሰልን ግዴታን መሰረታት ስለዝኾነ፡ ዝተባህለ እንተተባህለ ነዞም ዝስዕቡ  ሓቅታት ክዝንግዖም የብልናን፡-*

1. ***ኢቲ ቀንዲ ጉዳይ፡ ልዕልና-ሕጊ ብመሪሕነት ሰልፊ ተጣሒሱን ይጣሓስ ኣሎን ዝብል ኢዩ። ስለዚ፡ ልዕልና-ሕጊ ዶስ ሕጊ ዝጣሓሰ ውሳኔታት መሪሕነት ሰልፊ ይቐድም (ይከበር) ዝብል ኢዩ እቲ ንሰዲህኤ ገጢምዎ ዘሎ በዳህን ክሳዳዊ ሕቶን።***

እዚ ካኣ ሰልፋዊ (ንኹሉ ኣባል ሰልፊ ዝምልከት) ሕቶ'ምበር ዞባዊ ወይ ናይ ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ጥራሕ ኣይኮነን ኮይኑ'ውን ኣይፈልጥን። ከም ናይ ሓደ ዞባ ጉዳይ/ሕቶ ጥራሕ ኣምሲልካ ከተቕርቦ ምፍታን ሽፈጥን ኣብ ልዕሊ መሰረታትካ ዘለካ ንዕቐትን ካብ ምርኣዩ ሓሊፉ፡ መፍትሒ ክኸውን ኣይክእልን ኢዩ። ምሉእ ኣባል ሰዲህኤ ከምዝፈልጦን ያዕ ከምዝብሎን ምግባር ናይ ኩሉ ዳላይ ሓድነት ሰዲህኤ ኣባል ሓላፍነትን ግዴታን (**ዓንቀጽ 4.4.9፡ 4.3.5 ቅዋም ሰልፊ**) ስለስኾነ ካኣ መሪሕነትን ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ነቲ ኣሰካፊ ኩነታት ኩሎም ኣባላት ሰልፊ ከምዝፈልጥዎ ብዝኽእሎ መንገዲ ክገብር ሰልፋዊ ሓላፍነት ኣለዎ። ከምቲ ኣቦው ዝብልዎ፡ *"ዘእዊ ኪረድእዎ፡ ሰሰምዕ ኪሰምዕዎ"* ስለዝኾነ፡ ናብ መላእ መሰረታት ሰልፊ ከነእውን ከነስምዕን እንተተማያየጥናን እንተፈትናን መሰላትናን ግብኣትናን (**ዓንቀጽ 4.4.9፡ 4.3.5 ቅዋም ሰልፊ**) ንገብር ስለዘልናስ ዘስክፍና ኣይኮነን። ኩሎም መሰረታት ሰልፊ (ዓለም-ለኻዊ) ብዛዕባ ውሽጣዊ ሓድነት ሰልፎም ዘትዮም መፍትሒ ክይገብሩሉ፡ መሪሕነት ሰልፊ ዝገብሮ ዘሎ ሓበሬታ ናይ ምዕፋን ወስታት መስል ኣባላት ዝረገጸ ቅዋማዊ ጥሕሰት ኢዮ። ሕጋዊት መሪሕነትን መሰረታትን ዞባ ሰሜን ኣመሪካ፡ ዓፈና ይኣክል ኢሎም ናብ ምሉእ ኣባል ሰልፊ የእውዩ ኣለዉ። እቱይ-ምንታይሲ ንሓድነት ሰዲህኤ ዘዕቑብዋ፡ መሰረታት ሰልፊ ጥራሕ ስለዝኾኑ። *እዚ ብመሪሕነት ሰልፍን ሳዓብቱን "ሰልፊ ንምፍራስ ኣኬባታት ኣካይዶም፣ እገለ ዝመርሓ ሰልፊ ሰሪሖም፣ እገለን እገለን ከምዚ በሉ፣ ወ.ዘ.ተ." እንዳተባህለ ንመሰረታት ሰልፍ (ብቐንዱ ንኣብ ካለኦት ክፍላተ-ዓለማት ዝርኸቡ) ንምድንጋር ዝገበሩ ዘለዉ ወፈራታት፡ ናይ ሓሶትን ጸለመን ዘመተታት ምዃኖም ኩሎም መሰረታት ሰልፊ ክግንዘብዎምን ክነጽግዎምን ይግባእ።*

2. ከምዝፍለጥ፡ ነቲ መሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ሓድነት ሰልፊ ንምዕቃብ ብተደጋጋሚ ናብ መሪሕነት ሰልፊ ከቕርቦም ዝጸንሐ ሕጋዊ ለቦዋታት፣ ምሕጽንታታትን መዘከራትን፡ መሪሕነት ሰልፊ ጸማም እዝኒ ስለዝሃበሉ እቲ ጻዕራታት ፍረ ክርኽቦ ኣይትኻእለን። መሪሕነት ሰልፊ ኣብ ክንድ ገይግኡ ዝእርም፡ *ሓጥያት እንተተዳጋገመሰ ጽድቂ ይመስል* ከምዝባሃል፡ ንጥሕሰት ሕጊ ብጥሕሰት ሕጊ ውግሐ-ጸብሐ ክምልስ ንርኢ ኣለና። ንመሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ንምፍራስ ዝተግብሩ ስርዒታውን ሕጋውን ጥሕሰታት፡ ግብረ-መልሲ ነቲ መሪሕነት ዞባ ከተቕርቦ ዝጸንሐት ሕጋዊ ለቦዋታት፣ ምሕጽንታታትን መዘከራትን፡ ኢዩ። መሪሕነት ዞባ ብዕሊ ምስተጎስየትን ከምዘየላ ምስተቐጽረትን፡ ሕጂ ከ እንታይ ንግበር ኢላ መዳባታ ከተስተኻኽልን ሓድሽ መንገዲ ከተናድን ስለዝነበራ፡ እሞ ካኣ ጉዳይ ሓድነት ሰልፊ ንኹሉ መሰረታት ሰልፊ ስለዝምልከት፡ ኩሉ ኣባል ሰልፊ ነቲ ጉዳይ ከምዝፈልጦ ንምግባር ዘኽእላ ኣኼባታት ክትውድብ ነይሩዋ። እቲ ሕጂ ኣቦ መንበር ሰልፊ፡ መሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ዘኻየደቶ ኣኼባ እንዳበለ ናይ ኦድዮ ቁራጻት ብተላላኣኽቱ ኣቢሉ ዝዝርገሖ ዘሎ፡ ነዚ ዝዓለመ ሕጋዊ ኣኬባ ዞባ ኢዩ። ሓድነት ሰልፊ ከይስበር ብኸመይ መሰረታት ሰልፊ ይከላኸሉ መሰረት ዝገበረ ኢዩ ካኣ ነይሩ። እቲ ኩሉ ንመሪሕነት ሰልፊ ዝላኣኸሉ ዝነበረ ግን ካኣ ናብ መሰረታት ሰልፊ ከይሓልፍ ዓጊቱ ሕጅዎ ዝነበረ ናይ መሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ሕጋዊ ለቦዋታት፣ ምሕጽንታታትን መዘከራትን፡ ማእከል ዝገበረ ዝርርብን ምይይጥን ኢዩ'ውን ነይሩ። እዚ ካኣ ዋንኡ መሰረታት ሰልፊ ስለዝኾኑ፡ ካብ ኣባልት ዝሕባእ ዘረባ ወይ ምስጢር ኣይኮነን። ምዮ ዳኣ ከምቲ ኣቦው ዝብልዎ፡ *ልቢ ማዕዳ ናብ ዋንኡ ይምለስ* ኮንይኑ'ምበር፡ ንመሪሕነት ሰልፊ ካብ ዝፈጸሞም ሕጋውን ቅዋማውን ጥሕሰታት ተኣሪሙ፡ ንሰልፊ ናብ ንቡር ኩነታት ከምዝምለስ ንምግባር ዝዓለመ ኢዩ። ነቲ ምሉእ ኦድዮ ብምስማዕ ዝንጸር ነገር እንተሃልዩ'ውን እዚ ሓቂ እዚ ጥራሕ ኢዩ። እሞ ዳኣ እንታይ ኢዩ እዚ ኩሉ ላዓቱ ዝሳሓተ "ብሕቡእ ተኣኪቦም ዶ ኦድዮ ኣለና ዶ" ዝብል ናይ ኣቦ መንበር ሰልፊ ቀጻሊ ጎስጓስ? ብዘይ ሕጊ ኣኬባታት ከካይዱ ዝጸንሑ እቶም ንሱ ናዓይ ይድግፍኑ እዮም ዝብሎም ኣባላት ከንሶም፡ *"ሓባል በሊያ ከይትቕድመኪ"* ዶ ኮን ይኸውን ወይስ *"ካብ ባዓል ጣፍስ ባዓል ላፍ"* ከምዝባሃል ስለዝኾነ ኢዩ? እቱይ ኮነ እቱይ፡ ንመሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ዘገድሶ ሓድነት ሰልፊ ከይስበር ምኽልኻልን ምሕላውን ስለዝኾነ፡ መሪሕነት ሰልፊ እንታይ በለ ዘይኮነስ መሰረታት ሰልፊ እንታይ ንግበር መታን ሓድነት ሰልፍና ከይስበር ኢዩ። መሪሕነት ዞባ ካኣ እሱ ኢያ ትገብር ዘላ። ነዚ መሰል እዚ ዝኽልክላ ሓይሊ የልቦን፡ ናይ ማንም ፍቓድ ካኣ ኣይትሓተሉን።

3. *ባዓል እዚኣ ዘይብል ዋንጫካ ኣይዕተር* ከምዝባሃል፡ መሪሕነት ሰልፊ ባዕሉ ከሳሲ፡ ባዕሉ ሞጓቲ፡ ባዕሉ ፈራዲ ኮይኑ፡ ግርጭታት ክጽሕትርን ሓድነት ሰልፊ ዝብትን ወስታት ክወስድን ከምዘይጸንሐ፡ ሕጂ ነቶም ትጋገ ኣለኻ ታኣረም፡ ልዕልና-ሕጊ ኣይትርገጽ፡ ቅዋም ሰልፊ ኣኽብር እንዳበሉ ሓድነት ሰልፊ ከይስበር ኪቃለሱ ዝጸንሑ ታሕተዎት ኣካላት ሰልፍን መስረታትን፡ ከም ኣንጻር ሓድነት ሰልፊ ክቐጽሮም ጀሚሩ ኣሎ። እቲ ጠቐነን እቲ ወፈራን ሓድሽ ኣይኮነን ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካብ ታሪኽ ምፍንጫላት ከምንርደኦ፡ መሪሕነት ማእከል ዝገበሩ ናይ ምፍንጫል ኣጀንዳታት፡ መሪሕነት ብዝመርሖም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ናይ ሓሶት ጸለመታት ኢዮም ዝጅምሩ። ሎሚ ኣይ ከም ቀደምን፡ ሳላ ምዕቡል ናይ ርክባት ተክኖሎጂ፡ ሓቂ ንምፍላጥ እምብዛ ኣጸጋሚ ኣይኮነን፡ እቲ ሓቂ ካብ መሰረታት ሰዲህኤ ንነዊሕ ክኽወል ስለዘይኮነ፡ መሪሕነት ሰልፊ ዘሳስዮ ዘሎ ናይ ምፍንጫል ኣጀንዳ ኣይኸዕወትን ኢዩ። *ብሕምቕ ጓሳ ላም ትውቃዕ፡ ብሕማቕ ዳኛ ቅኑዕ ይርታዕ* ከምዝባሃል ከይኮውንን፡ ጉዳይና ካኣ መሪሕነት ሰልፊ ንባዕሉ ዳኛ ኮይኑ ይምጒትና ስለዘሎ፡መሰረታት ሰልፊ ዓቲቦም ኣንጻር ምፍንጫላት ንኽቃለሱ፡ ሕጋዊ መሪሕነት ዞባ ሰሜን ኣመሪካ ምስ መሰረታቱ ዘይተሓለለ ጻዕሪ ምግባሮም ክቕጽሉ ኢዮም። ኣብቲ ኣብ 25 ሰነ 2017 ዝተገብረ ናይ ተለኮንፈረንስ ውዕሎ'ውን እዚ ሓቂ እዚ ኢዩ ተረጋጊጹ። ከም

ግብረ-መልሲ ናይዚ፡ ከምቲ ለባም እንተፈከረ፡ ዓሻ ይወግእ ዝባሃል፡ ብዙሓት ዘይግሩዛት ዘረባታት፣ ጸለመታት፣ ጠቐነታት፣ ምንሻዋት፣ ወ.ዘ.ተ. እንተሰማዕና ክገርመና የብሉን። ኣብቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰንበት (09 ሓምለ 2017) ኣቦ መንበር ሰልፊ ነቶም ብዘይሕጊ ዝተኣኻኸብ ጉጅለ ዝገበሮ ናይ ተለኮንፈረንስ ኣኬባ ዘረጋገጾ ሓቂ እዚ ኢዩ ነይሩ። ነውራማት ኣባሃህላታትን ውጹእ ሓሶታትን ዝዓብለሎ ኣኬባ ኢዩ ነይሩ። *ክናብ ኣብ ማሕረሱ፡ ኣባይ ኣብ መልሓሱ* ዝባሃል ቢሂል ኣቦው ዘዘኽኽር ኢዩ’ውን ነይሩ። ***ይኹንምበር፡ ጉዳይ ሓድነት ሰዲህኤ ጉዳይ መሰረታቱ ስለዝኾነ፡ ሰልፍና ካብ ኣንጻላልይዎ ዘሎ ሓደጋ ንምድሓን ኩሉ ኣባል ሰልፊ ጻዕርታት ከካይድ ንጽውዕ።***